# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 35 ዓመት ቁ.236 | ረቡዕ 3 ሰነ 2026 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ


ገጽ 2
ዜና

ገጽ 3
ክድነቕን ክዕቀብን ዝግባእ ዓቢ ጸጋ


ገጽ 5
ባህላዊ ተዛምዶነት ኣብ ሕብረተሰብ


ገጽ 9
ጽፈት ስራሕ


ገጽ 11
ሰነ ላመንስ ተሸሊሙ



## መራሕቲ ኩዌትን ማልዲቭስን ናይ ዮሃና መልእኽቲ ሰዲዶም



መራሕቲ ሃገረ ኩዌትን ረፓብሊክ ማልዲቭስን፡ ብምኽንያት ጽንብል መበል 35 ዓመት ናጽነት፡ ናብ ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ናይ የሃና መልእኽቲ ሰዲዶም።

ኣሚር ሃገረ ኩዌት ምሸኽ ኣልኣሕመድ ኣ'ጃብር ኣልሳባሕ፡ ወራሲ ዓራት ሳባሕ ኻልድ ኣልኣሕመድ ኣልሳባሕን ኣቦመንበር ባይቶ ሚኒስተራት ኣሕመድ ዓብደላ ኣልኣሕመድ ኣልሳባሕን፡ ከምኡ'ውን ፕረዚደንት ረፓብሊክ ማልዲቭስ ዶ/ር መሓመድ ምዒዙ፡ ብስሞም ከምኡ'ውን ብስም መንግስታቶምን ህዝብታቶምን ኣብ ዝሰደድዎ መልእኽቲ፡ ንፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ምሉእ ጥዕና፡ ንኤርትራን ህዝባን ድማ ሰላምን ራህዋን ተመንዮም።

እቶም መራሕቲ ኣስዒቦም፡ ዝምድናታት ሃገራቶም ምስ ኤርትራ ንምምዕባል ከምዝሰርሑ ኣረጋጊጾም።

## ልኡኽ ኤርትራ፡ ሩስያ ኣብ ዝወደቦ ቀዳማይ ኣህጉራዊ ዋዕላ ጸጥታ ተሳቲፉ




ብኣምባሳደር ኣብ ፈደረሽን ሩስያ ኣቶ ጴጥሮስ ጺጋይ ዝተመርሐ ልኡኽ ኤርትራ፡ "ምምኻት ዘመናዊ መግዛእቲ፡ ከም ቀዳምነት ንምውሓስ ድሕነት ዝጠዙሓ ሃገራት" ብዝብል ቴማ፡ ካብ 26 ክሳብ 29 ግንቦት ኣብ ከተማ ሞስኮ ኣብ ዝተቓንዐ ቀዳማይ ኣህጉራዊ ዋዕላ ጸጥታ ተሳቲፉ።

ኣብዚ ብምውህሃድ ሚኒስትሪ ወሽጣዊ ጉዳያት ፈደረሽን ሩስያን ካልኦት ኣካላት መንግስትን ዝተወደበ ዋዕላ፡ ካብ 145 ሃገራት ኣስታት 5 ሽሕ ወከልቲ ተሳቲፎም።

እቲ ዋዕላ፡ ብቐንዱ ኣብ ግደ ዲጂታላዊ ቴክኖሎጂ ኣብ ግብረሽበራዊ ንጥፈታትን ምድኻም ጸጥታ ሃገራትን፡ ግደ ግጉይ ሓበሬታን ምዝማዛ ስምዒታትን ከም መሳርሒ ኩናት ኣንጻር ሃገራት ደብዓዊ ንፍቀ-ክቢ፡ ኣህጉራዊ ምትሕብባር ኣብ ሓበሬታዊ ጸጥታ፡ ተራ ዘይመንግስታውያን ትካላትን ውድባትን ኣብ ምድኻም ሃገራዊ ድሕነት ሃገራት፡ ሜላታት ኣህጉራዊ ምትሕግጋዝ ኣብ ምምኻት ዝርግሐ ኣኽራሪ ስነ-ሓሳባትን ጥፍኣትን፡ ከምኡ'ውን ሚያዊ ጸገማት ከም ብድሆ ዓለማዊ፡ ጉድኣቱን ዞባውን ጸጥታን ድሕነትን ዘትዩ።

ልኡኽ ኤርትራ ብዘውሃቦ፡ ኣኼ-ኼ'ቲ ዋዕላ፡ ምስ ኣብ ዓውዲ ምሕላው ጸጥታን ድሕነትን ፍሉይ ምህዞታትን ምርኢታትን ዘቕረቡ መንግስታውያንን ዘይመንግስታውያንን ኩባንያታትን ትካላትን ርክባት ብምክያድ፡ ኣብ ተኽእሎታት ምትሕብባር ተዘራሪቡ።

## መልከፍቲ ሕማም ኢቦላ ንምክልኻል ይስራሕ ከምዝለ ሚኒስትሪ ጥዕና ሓቢሩ


ስእሊ. ክብሮም ጸሃየ

ሚኒስትሪ ጥዕና፡ ሕማም ኢቦላ ናብ ሃገርና ከይኣቱ ዘሎ ተኽእሎ ኣዝዩ ትሑት'ኳ እንተኾነ፡ ንዝኾነ እንተታት ግና ኣድላዪ ቅድመ-ጽጽራዊ ንጥፈታት ይካየድ ከምዘሎ ሓቢሩ።

ኣብ ሚኒስትሪ ጥዕና ዳይረክተር ጀነራል ምቁጽጻር ተመሓላለፍቲ ሕማማት ዶ/ር ኣርኣያ ብርሃ ትማሊ 2 ሰነ ንሞያውያን ማዕከናት ዜና ሃገርና ኣብ ዝሃቦ መብርሂ፡ ዚ ኣብ ኣህጉር ኣፍሪቃ ኣብ ዲሞክራሲያዊት ረፓብሊክ ኮንጎን ኡጋንዳን ተኸሲቱ ዘሎ ብ'ቫይረስ ቡንዲቡግዮ' ዝስዕብ ለበዳ ንምክልኻል፡ ሃገራዊ ሓይሊ ዕማም ቈይሙ ኣብ ቀጻሊ ምክትታል ከምዝርከብ ገሊጹ።

እቲ ሓይሊ ዕማም ዘሰላስሎ ንጥፈታት ንምስጓር ልዑል ምውህሃድ ይግበር ከምዘሎ፡ ብዝዕባ'ቲ ሕማም ዘድሊ ሓበሬታ ናብ ኩለን ዞባታትን ሆስፒታላትን ከምእተዘርግሐ፡ ብመዓርፎ ነፈርቲ ዝኣትዉ ተገልገልቲ ምልክታት ሕማም ከይህልዎም፡ ረሰኒ ዝዕቅን መሳለጥያታት ከምእተዋደደ፡ ጊያሾ ናብ'ተን ዝተለኽፋ ከባቢታት ተጓዒዞም እንተኾይኖም ሕቶ ከምዝቐርብሎም፡ ቡቲ ቫይረስ ከምእተለኽፉ ንዝጥርጠሩ መወሸቢ ከምእተሰለየን ብቑዕ ናይ ላቦራቶሪ ምድላዋት ከምእተኻየደን ብምጥቃስ፡ መሰረታዊ ሓበሬታ ብማዕከናት ዜና ንህዝቢ ምሃብን ንሱ ብሞያ ጥዕና ኣድላዪ ስልጠና ምውዳብን ካብ ቀንዲ መደባት ከምዝኾኑ ዶ/ር ኣርኣያ ኣብሪሁ።

ኣብ ኡጋንዳን ደቡብ ሱዳንን ዝነብሩ ኤርትራውያን፡ ብስቡማዚ ናይ'ተን ሃገራት ዝወጸእ መምርሒታት ብንቕሓት ክኽታተሉን ጥንቃቐ ክገብሩን፡ ኣብ ዲሞክራሲያዊት ረፓብሊክ ኮንጎ ዝቕመጡ ድማ ናብ'ተን ብለበዳ ኢቦላ ዝተጠቕዓ ኣውራጃታት ኢቱሪን ሰሜንን ደቡብን ኪቩን ካብ ምንቅስቓስ ክቖጠቡ፡ ብዘውሃቦ ተማሕጺኑ።

ሕማም ኢቦላ፡ ብምትንኻፍ ፈሳሲ ሰብነትን ዝተለኽፈ ሰብ ዝተጠቕመሉ መሳርሒታት ብምጥቃምን ከምዝመሓላለፍ ዝገለጸ ዶ/ር ኣርኣያ፡ ረስኒ፡ ሕማም ርእሲ፡ ረሸሽታ፡ ቃንዛ ጭዋዳታትን ጉረሮን ካብ ፈለምቲ ምልክታት ናይ'ዚ ክሳብ ሞት ዝስዕብ ሓደገኛ ሕማም ምዃኑ'ውን ኣገንዚቡ።

'ቫይረስ ቡንዲቡግዮ' ዛጊት ክታበትን ፍወሳን ዘይተረኽቦ ኩይኑ፡ ለቡዱ ንምቁጽጻር - ንዝተለኽፉ ብቕልጡፍ ኣብ ምልላይ፡ ወሸባን ክንክንን፡ ምስ ሕሙማት ርክብ ንዝነበሮም ሰባት ብጥቡቕ ኣብ ምክትታል፡ ሬሳ ብውሑስ ኣብ ምቕባር፡ ከምኡ'ውን ኣብ ኣድማዒ ኮማዊ ተሳትፎ ከምዝምርኰስ'ዩ ዝገለጸ።

ዲሞክራሲያዊት ረፓብሊክ ኮንጎን ኡጋንዳን ብለበዳ ሕማም ኢቦላ ከምእተጠቕዓ፡ ብ15 ግንቦት 2026 ምእዋጀን ዝፍለጥ'ዩ።

ኣብዚ ቀረባ እዋን ዝወጸ ሓበሬታ ከምዘመልክቶ፡ ብሰንኪ'ዚ ሓድሽ ለበዳ፡ ኣብ ዲሞክራሲያዊት ረፓብሊክ ኮንጎ 321 ዝተረጋገጹ ሕሙማትን 48 ምውታትን፡ ኣብ ኡጋንዳ ከኣ 11 ሕሙማትን ናይ ሓደ ሰብ ሞትን ተመዝጊቡ'ሎ።

ሕማም ኢቦላ፡ ንመጀመርታ እዋን ኣብ 1976 ከምእተረኣየ ዝሕብሩ ጸብጻባት፡ ኣብ 2007፡ ኣብ 2012ን 2026ን ኣብ ዲሞክራሲያዊት ረፓብሊክ ኮንጎን ኡጋንዳን ብመልክዕ ለበዳ ዝተኸስተ ግና፡ ብጃር 'ቫይረስ ቡንዲቡግዮ' ዝሰዓበ ምዃኑ የረድኡ።

# ኤርትራውያን ኣብ ሕ/መ/ኣመሪካ፡ ዝኽሪ መበል 35 ዓመት ናጽነት ኣብዒሎም

ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ፡ ኤርትራውያን ነበርቲ ቺካጎን ከባቢኣን፡ ሲያትልን ኦረንጅ ካውንቲ - ካሊፎርንያን፡ “ጽንዓትና ዋሕስና” ብዝብል ቴማ መበል 35 ዓመት ጽንበል ናጽነት ብልዑል ማዕርግ ኣብዒሎም።

ነበርቲ ከተማ ቺካጎን ከባቢኣን ብ20ን 23ን ግንቦት ዘወደብዎ ጽንብላት፡ ምስቃል ጥንዴራ ኤርትራ፡ ባህላዊ መደባትን ስእላዊ ምርኢትን ዘጠቓለለ ነይሩ።

እቶም ዜጋታት፡ ናጽነትን ስለኣ ዝተኸፍለ ዋጋን እተዘኻኽር 24 ግንቦት፡ ዕለተ ሕድሪ ከምዝኾነት ብምጥቃስ፡ መኣርምም ብምድልዳል ሃገራዊ መደባት ንምዕዋት ዘለዎም ሙብጽዓ ኣሐዲሶም።

እዚ ከምዚ’ሉ እንከሎ፡ ብ23ን 24ን ግንቦት ኣብ ሲያትል ኣብ ዝተወደበ ብኣሸሓት ዝቖጸሩ ዜጋታትን ዕዱማትን ዝተሳተፍዎ ጽንበል፡ ተመሃሮ ቤት-ትምህርቲ ማሕበረኮም ንትሸዋተ ብሄራት ኤርትራ ዝውክል ባህላዊ ምርኢት ኣቕሪቦም።

ኣቦ’ቲ ኢጋጣሚ፡ ኣቦመንበር ሃገራዊ ሸማግለ ሲያትል ነቲ ጽንበል ዝምልከት መልእኽቲ ከምዘቕረበ እቲ ዝጽሓፍ ሓበሬታ ኣፍሊጡ።

ብተመሳሳሊ፡ ኣብ ኦረንጅ ካውንቲ - ካሊፎርንያ ዝነብሩ ዜጋታት ብ25 ግንቦት ኣብ ዘወደብዎ ውዕወዕ በዓል፡ መዚቃዊ ማሰናድኦ፡ መደረታትን ኣዘናጋዒ መደባትን ዘጠቓለለ ምንባሩ ኣሰናዳኢት ኮሚቲ ሓቢሩ።




# ማእከል - ኣብ ሕምብርቲ፡ ብልዕሊ 1.2 ሚልዮን ናቕፋ መምሃሪ ክፍልታት ተሰሪሑ



ኣብ ሓወሲ ከተማ ሕምብርቲ - ንኡስ ዞባ ጋላናፍሒ፡ ብልዕሊ 1.2 ሚልዮን ናቕፋ ዝተሰርሐ 4 ሓደስቲ መምሃሪ ክፍልታት ብ30 ግንቦት ተመሪቑ።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ጋላናፍሒ ኣቶ መሓሪ የውሃንስን ኣመሓዳሪ ሓወሲ ከተማ ሕምብርቲ ኣቶ ኣልኣዛር ገብረሂወትን ኣብ ዘስመዕዎ ቃል፡ እቲ ነበርቲ ብዘወሰድዎ ተበግሶ ዝተሃንጸ ክፍልታት፡ ንዘጋንሐ ጸበት መምሃሪ ክፍልታት ከምዝቃልል ብምጥቃስ፡ ንኣበርክቶ ኣቦ’ቲ ከባቢ እተርክበ ኣሃዱ ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ኣመስጊኖም።

ሓላፊ ኣገልግሎት ትምህርቲ ኣቦ’ቲ ንኡስ ዞባ መምህር ዳኒኤል ሰለሙንን ርእሰ መምህር ቤት-ትምህርቲ ፍረጻማ መምህር ሳሙኤል ብርሃነ ብወገኖም፡ ንኣገዳስነት ናይ’ቲ ተወሳኺ ክፍልታት ኣብ ማዕርሐ ምምሃርን ምስትምሃርን ብምጥቃስ፡ ናብ ዝበርኸ ደረጃ ንምብጻሕ፡ ነበርቲ ዝርኣ ሕጽረታት ንምምላእ ብውህደት ክሰርሑ ተማሕጺኖም።

ሓላፊ ጨንፈር ትምህርቲ ዞባ ማእከል መምህር በላይ ሃብተጋብር ድማ፡ ኣብ መጻኢ ከም ምቅላል ጸበትን ዘይምቹኣትን ክፍልታት፡ ተመሃሮ ዝጽውቱሉ ቦታ ኣብ ግምት ከእቱን ኣብ ኣገልግሎት ቅድመ-ትምህርቲ ዝግበር ጠመተ ክዓቢን ኣዘኻኺሩ።

ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ምምሕዳርን ፋይናንስን ዞባ ማእከል ኣቶ ተከኤ ቀለታ ብወገኑ፡ ገጢ-ገጢ’ቲ ብመንግስቲ ዝፍደድ ጸዕሪ ህዝቢ’ውን ንርሑቕ ዝጠምተ መደባት ክሕንጸጽን ንትግበረኡ ብዛዕባ ክዮዱን ኣተሓሳሰበ።

# ዓንሰባ - ቀጽሪ ናብ 2ይ ደረጃ ክብ ዝበላ ኣብያተ-ትምህርቲ ብ65% ዓብዩ

ኣብ ዞባ ዓንሰባ - ኣብ ዝሓለፈ ሓሙሽተ ዓመታት ናብ 2ይ ደረጃ ናይ ዝዓበያ ኣብያተ-ትምህርቲ ቀጽሪ፡ ብኣስታት 65 ሚእታዊት ከምዝዓበየ ተገሊጹ።

ሓላፊ ኣሃዱ 2ይ ደረጃ መምህር ተኽለሰንበት ዘርኣይ ምስ ዳይረክተራት፡ ኮሚቲ ወለዲ፡ ከምኡ’ውን ሓለፍቲ ምምሕዳርን ፋይናንስን ንኡሳን ዞባታት ኣብ ዝገበሮ ርክብ፡ እቲ ዝተራእየ ዕብየት ብቐንዱ ኣብ ምሕደግ ዝበለ ከባቢታት ዝርከቡ ዜጋታት ትምህርቶም ክቕጽሉ ዕድል ከምዝሰፍሐ ኣፍሊጡ።

ንገሲጋስ ትግባረ መደባት ቀዳማይ ሰሚስተር ብዝምልከት፡ መምህር ተኽለሰንበት፡ ኣብ ብቕዓት ተመሃሮ ብዘተራእየ ምምሕያሽ፡ መጠን ምሕላፍ 62 ሚእታዊት ከምዝበጽሐ ሓቢሩ።

ሓላፊ ጨንፈር ትምህርቲ መምህር ክፍላይ ዓንደሚካኤል ብወገኑ፡ ዕድል ትምህርቲ ምስፋሕ ንበይኑ ኣኻሊ ከምዘይኮነ ብምጥቃስ፡ ብቕዓት ትምህርትን ተሳታፍነት ኣብ መኣዲ ትምህርትን ዝመሓየሸሉ ስርዓት ኣካይዳ ክተኣታቶ ኣዘኻኺሩ።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ ብቕዓት ትምህርቲ ንምምሕያሽ ተራ ኩሉ ኣካል ክዓዝዝ፡ ንተመሃሮ ዝገበር ተወሳኺ ሓገዛት ምዕሩይ ክኸውን፤ ምድንጓይ መምህራን ኣብ ምጅማር ትምህርቲ ቁጽሒታ ክግበረሉ፤ ከምኡ’ውን ሕጽረት መሳለጥያ ትምህርቲ ፍታሕ ክናደየሉ ዝብል ርእይቶታት ኣቕሪቦም።

ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ኮሎኔል ተስፋጽዮን ግርማይ ኣብ መወዳእታ፡ ብቑዕ ሕብረተሰብ ብብቑዕ ስርዓት-ትምህርቲ ከምዝህነጽ ብምጥቃስ፡ ምስ ዝምልከቶም ኣካላት ኳንኳ ምግምጋምን ኣብ ናይ መጻኢ መደባት ምዝታይን ዕዙዝ ኣበርክቶ ስለዘለዎ፡ ብቐጻሊ ክድፋኣሉ ተማሕጺኑ።

ኣብ ዞባ ዓንሰባ፡ ንኣስታት 11 ሽሕ ተመሃሮ ኣገልግሎት ዝህባ 28 ናይ ካልኣይ ደረጃ ኣብያተ-ትምህርቲ ኣለዋ።


## ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

**ዋና ኣሰናዳኢ**

ብርሃነ ምሕረትኣብ

**ምክትል ኣሰናዳኢ**

ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

**ቦርድ ምስንዳእ**

ዮሴፍ ሃይለማርያም

ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል

ተስፋኣለም የማነ

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቍ.ስ 201820 (250)

ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

**ለይ-ኣውት**

ፍርቱና ኤፍሬም   ትንሱእ ፍስሃየ

ሳምራዊት ሃብተ   ሰሎሜ ኣፈወርቂ

ፋጥና ኣድም

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**

ቍ.ስ.113395-07588045

**ምልክታ**

ቍ.ስ 125013 - ቍ.ሳጶ. 1284


# ስትራተጂ ምክልኻል ኣንበጣ ዕዉት ምንባሩ ተገሊጹ

ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ኣብ ዝሓለፉ 35 ዓመታት ናጽነት በብዓመቱ ክርኣ ዝጸንሐ ወረር ኣንበጣ ምድረበዳ፡ ብሓያል መኸተን ወህደትን ክኢላታት ሕርሻ፡ ምምሕዳራት፡ ህዝብን ሰራዊትን ዝጥቀስ ጉድኣት ከየውረደ ኣብ ትሕቲ ቍጽጽር ከምዝወዓለ ሓቢሩ።

ቀንዲ ስትራተጂ መንግስቲ ኤርትራ፡ ኣንበጣ ኣብ ዝራብሓሉ ቦታታት ብምኻድ፡ ምንፋር ቅድሚ ምጅማሩ ኣብ ትሕቲ ቍጽጽር ምውዓል ምዃኑ ዝሓበረ እቲ ሚኒስትሪ፡ ጸዕቅን ዝርጋሐን ለበዳ ኣንበጣ፡ ዋላ’ኳ በበዓመቱ ዝፈላለ እንተኾነ፡ ዓመታዊ ዘጋጥም ተርእዮ ምዃኑ ይገልጽ።

ብመሰረት ጸብጻብ ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ኣብ 1995፡ 2006፡ 2007፡ 2013፡ 2014፡ 2019 ከምኡ’ውን 2020ን እቲ ዝለዓለ ክስተት ለበዳ ኣንበጣ ከምዝጋጠመ፡ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ዓመት ድማ ብገምጋም ካብ 51 ሽሕ ክሳብ 101 ሽሕ ሄክታር ኣብ ዝሰፍሓቱ መሬት ኣዝዩ ዓቢይ ወራራት ኣንበጣ ምድረበዳ ኣጋጢሙ ከምዝነበሩን ዕዉት ቍጽጽራዊ ስራሕ ከምእተኻየደሉን ክፍለጥ ተኻኢሉ።

ብኣጠቓላሊ ኣብ ዝሓለፉ 35 ዓመታት ናጽነት፡ ኣብ ልዕሊ 600 ሽሕ ሄክታር መሬት ለበዳ ኣንበጣ ምድረበዳ ከምዝጋጠመ፡ እቲ ጸብጻብ የረድእ።

ኤርትራ፡ ሓንቲ ካብተን ቅድመ-ግንባር መፋረዪት ኣንበጣ ምድረበዳ ብምዃና፡ ልዕሊ ፍርቂ ካብ ሓፈሻዊ ስፍሓት መሬታ ማለት 7 ሚልዮን ሄክታር፡ ንምርባሕ ኣንበጣ ምድረበዳ ምቹእ ምዃኑ’ዩ ዝጥቀስ። እዚ፡ እቲ ቐንዲ ኣንበጣ ምድረበዳ ዝራብሓሉ ቦታታት’ኳ እንተኾነ፡ ዶብ ሰጊሩ ብዝመጽእ ኣንበጣ ምድረበዳ ግን ኩለን ዞባታት ተጠቃዕቲ ከምዝኾና ጸብጻብ ሚኒስትሪ ሕርሻ የረድእ።

ብዘይካ’ዚ፡ እቲ ካብ 2019 ኣትሒዙ ብውሑድ ቁጽሪ ክርኣ ዝጀመረ ኣንበጣ ገረብ፡ ሓደገኛ እናኾነ ይመጽእ ምህላዉ ተሓቢሩ። በዚ መሰረት፡ ካብ 2023 ክሳብ ቀዳማይ ርብዒ 2025፡ ኣብ ዞባ ጋሽ-ባርካን ገለ ክፋላት ዞባታት ዓንሰባን ደቡብን፡ ብጠቕላላ ኣብ ልዕሊ 45 ሽሕ ሄክታር ተኸሲቱ ምንባሩን ብልዑል ተሳትፎ ህዝብን መንግስትን ኣብ ትሕቲ ቍጽጽር ከምዝወዓለን ተገሊጹ።

እዚ ከም’ዚ’ሉ እንከሎ፡ ገለ ክፋል ሃገርና ብፍላይ ድማ ዞባ ጋሽ-ባርካ ካብ ሃገረ ሱዳን ሳጊመን ብዝመጻ ኣዕዋፍ ኳሉኳላ ተጠቂዓቲ’ያ። ኣብ ዝሓለፉ ዓመታት ናጽነት፡ ብጠቕላላ ኣብ ልዕሊ 5 ሽሕ ሄክታር ስፍሓት መረብሒ ቦታታት ናይዘን ኣዕዋፍ፡ ጸረ-ባልዕ ብምንጻግ ዕዉት ቁጽጽር ከም እተኻየደ ዝፍለጥ’ዩ።

ንንጥፈታት ቍጽጽር ሳዕሚ ባልዓት ብሓፈሻ፡ ኣንበጣ ምድረበዳ ድማ ብፍላይ ብልዑል ትኹረት ንምክትታሉ ዝሕግዝ፡ ሓወሲ-ዘመናዊ ማእከል ኣብ ጋድም ሓሊብ - ንኡስ ዞባ ኣፍዓበት ምምስራቱ’ውን ካብ ዓበይቲ ዓወታት ኩይኑ ተመዝጊቡ’ሎ።

# ርእይቶ

## ክድነቕን ክዕቀብን ዝግባእ ዓቢ ጸጋ

ዊንታና ንርአዮ

መበል 35 ዓመት ጽንበል ናጽነት ኤርትራ፡ “ጽንዓትና ዋሕስና!” ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ፡ ኣብ ከለን ንኡሳን ዞባታት ሃገርና፡ ከምኡ’ውን ኤርትራውያን ኣብ ዝርከቡለን ሓያሎ ከተማታት ዓለምና፡ ብምዕሩግ ባህላዊን ስፖርታዊን መሰናድኦታት፡ ብውዕዉዕ ሃገራዊ መንፈስን ደምቀትን ክጽንበል ቀንዩ።

ሓሊፉ ካልእ ምረት መግዛእቲ ዝረኣዩ፡ ናጽነት ንምድላይ ነዊሕን ጽንኩርን ጉዕዞ ብጽንዓት ዝሰገረን ኩሉ ዓይነት መስዋእቲ ዝኸፈለን፡ ሕጂ’ውን ተወፋይነት ኣዕርጊ፡ መሰረታት ዘላቒ ልምዓት ኣብ ምንጻፍ ዝርከብ ህዝቢ ኤርትራ፡ ንዕለተ ናጽነቱ ዓመት መጺኣ እናበረኸ ብዝኸፈይድ ሃገራዊ ወኒን ስምዒትን፡ ዘይዳ ተምሳጥ ብዘፈጥር ምርኢትን ደምቀትን ዘበዕላን ዝዝከራን እቲ ናብዘ ዕዝዙዝ ዕለት ንምብጻሕ ዘሕለፎ ተጋድሎ ብኣፈጻጽማኡን ቅያታቱን ፍሉይን መዳርግቲ ኣልቦን ብምዃኑ ጥራይ ዘይኮነ፡ ድሕሪ ናጽነት እውን ህንጸት ሃገር ከምሳልጥ ንምሕጓሉ ዝተኻየዱ እልቢ-ልቦ ተጻብኦታት እናበርዓ፡ መሰረታት ልምዓት ኣብ ምንጻፍ ዘርኣዮ ሓይሊን ጥምረትን ጽንዓትን፡ ንርዝነትን ትርጉምን ዕለተ ናጽነቱ ዝያዳ ስለዘዕዝዞ እዩ።

ተመሊስና ክንዝክሮ እንኽእልና ኣብዚ ዝሓለፈ 35 ዓመታት፡ ምስ ጽንዓት ህዝቢ ኤርትራ ተረጺሞም ዝበርዑ ተጻብኦታት ጸብጺብካ ዝውድኡ ኣይኮኑን፡ “ናጽነት ኤርትራ ንስትራተጂያዊ ረብሓታትና ኣየገልግለንዩ” ኢሎም ዝኣመኑ ሓይልታት፡ ካብ መፋርቕ ዝሓለፈ ዘመን ጀሚሮም መሰል ርእሰ ውሳኔ ህዝቢ ኤርትራ ንምድቋስ ተረባሪቦም ከይኣኽሉ፡ ህዝቢ ኤርትራ፡ ብጽንዓትን መሰታ ዘየርከቦ ጅግንነትን ኣኽሊል ናጽነት ድሕሪ ምድፋኡ እውን፡ “እፎይ” ኢሉ ሃገሩ ከይሃንጽን ከየማዕብልን፡ ፖለቲካዊን ቁጠባዊን ህንጸት ሃገር ምዝራግ ዝዕላማኡ፡ ካብ ቅሉዕ ወተሃደራዊ ወራር ክሳብ ዝተፈላለየ ግሁድን ስዉርን ሸርሒታት ብምፍጻም፡ ጆሆ ናይ ዝተፈብረኸ ዞባዊ ቅልውላዋት ኮይኑ ንኽትሓላዙ ዝበኣሎም ሓኸት ኢሎም። የግዳስ ተጻብኦታቶም ምስናይ ጸዕቁን ዓይነታቱን ትሕቲ ጽንዓት ህዝቢ ኤርትራ ስለዝኾነ፡ ማህሰይቲ ኣየወርደን እኳ እንተዘይተባህለ፡ ዕላማኡ ኣይወቕዐን፡ እኳ ድኣ መመሊሱ ህዝባዊ መኸተን ጽንዓትን ከዕትር ምጽንሑ ርኡይ እዩ።

ህዝቢ ኤርትራ ከም ውጽኢት ጽንዓቱን በርኽ ንቕሓቱን ከውሕሶ ዝኸኣለ ዝዓበየ ጸጋ፡ ውሽጣዊ ሰላም፡ ርግኣትን ሰላምን እዩ። ኣብዚ ዘለናዮ ዓለማዊ ኩነት፡ ቀሲንካን ኣስተርሂንካን ክትነብረሉ እትኽእል ሰላምን ቅሳነትን ዝዓሰሉ፡ ጸጥታዊ ውሕስነት ዘለዎ ስፍራ እናውሓደ’ዩ ዝመጽእ ዘሎ። ጸጋታት ዓለም ክንዳንቦት ኢና ዝብሉ ሓይልታት፡ ሃብቲ እንዳማዕቶም ንምዝማት ኣብየ ክብበኡ ዝፈጥሩዎ ዘለዉ ኩናትን ዕግርግርን፡ ኩነታት ዓለም ናብይ ከምርሕ ከምዝኽእል ንምግማቱ ኣብ ዘጸግም ሃዋህው ኣውዲቑዎ ኣሎ። ካብ ዞባና ጀሚርካ ኣብ ዝተፈላለየ ከባቢታት ዓለምና፡ ብዓሌት፡ ወገን፡ ሃይማኖትን ካልእ ደቂቕ ማሕበራዊ ኣቃውማታትን ተኻፋፊሎም፡ ሓድሕድ ኣብ ምጥቕቓዕን ምቅትታልን ዝርከቡ ኣህዛብ ውሑዳት ኣይኮኑን። ካብ ከምዚ ዝኣመሰለ ቅልውላውን ህወከትን “ንረብሕ ኢና” ዝብሉ ገበት ሓይልታት ዓለምና ድማ፡ ነቲ ኣብ ዝተፈላለያ ሃገራት ዝተኸሰተ ዘቤታዊ ጸገማት ንምትሕልላኽን ማሕበራዊ ሰላምን ርግኣትን ዘውሕስ መባቑላዊ ባህሊን ኣካብራን ሕብረተሰባት ንምብሕጓጉ ዝኹበርዎ ዘለዉ ምትእትታው፡ ነቲ ኩነታት መመሊሱ እናጋደደ ክመጽእ ጸኒሑ ኣሎ።

ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ዓለማዊ ኩነታት፡ ንሕና’ኸ ኣብ ከመይ ኩነታት ንርከብ ኢልካ ተመሊስካ ኑበሽካ ምርኣይ እምበኣር፡ ብልጫታትካ ንምዕቃብ ኮነ ጸገማትካ ንምእላይ ዝሕግዝ ኣገዳሲ ጉምጋም እዩ። ናብ ውሽጣዊ ኩነታትና ቅድሚ ምምጻእ ድማ ኣኽበብና ዘሎ ዞባዊ ኩነታት ምርኣይ ኣገዳሲ ይኸውን።

ከምዝፍለጥ ዞባና ቀርኒ ኣፍሪቃ፡ ንልዕሊ ፍርቂ ዘመን፡ ብውሽጣዊን ግዳማውን ረቛሒታት ተረሚሱ፡ ህዝቡታቱ ወርቃዊ ግዜኦምን ዕድላቶምን ዝኸሰሩሉ፡ ብሽሉ መዳያት ሓደ ካብ ዝደሓረን ዘይርጉእን ከባቢታት ዓለምና እዩ። እዚ ኩነት’ዚ ሕጂ እውን ኣይተቐየረን። ኣብ ሓጺር ግዜ እውን ዝቕየር ኣይመስልን። ዞባና፡ ሎሚ እውን ዝያዳ ኻልእ እዋን ኣብ ኣዝዩ ተሃዋሲ፡ ጽንኩርን ፈታንን መድረኽ እዩ ዝርከብ። ኣብ ሶማል ዝጀንሐን ዘሎን ሕንፍሽፍሽ እቲ ዝዓበየ መርኣያ ጸገማት ናይዚ ዞባ እዩ። ኣብ ኢትዮጵያ፡ ሱዳንን ካልኦት ሃገራት ዞባናን ዘሎ ዘቤታዊ ፖለቲካዊ ቅልውላውን ኩናት ሓድሕድን ብቐረባ ንዕዘቦ ኣለና። ኣብ ኩሉ ኩርናዓት ኢትዮጵያ እናበርትዐን እናሰፋሐን ዝመጽእ ዘሎ ፖለቲካውን ዕጥቃውን ተቓውሞታት ህዝቢን ምቑንቋን ስርዓት ብልጻግናን ነዊሕ ኣብ ዘይኮነ ግዜ ክወልዶ ዝኽእል ምዕባለታት ኣዝዩ ኣሰኪፊን ክትግምቶ ዘጸግምን እዩ። ኣብ ደቡብ ሱዳን ዘሎ ውልዕ ጥፍእ ዝብል ዘይሰኽኸት እውን ዘቕስን ኣይኮነን። ኣብ ኢትዮጵያ፡ ኬንያ፡ ኡጋንዳን ጅቡትን ዘሎ፡ ውሑዳት ካብ መጠን ንላዕሊ ሃብቲ ዘኻዕብቱሉ፡ ብዙሓት ድማ ብሕሰም ድኸነት፡ ሕማምን ጥሜትን ዝግረፉሉ ፍትሒ ዝጎደሎ ማሕበረ ቁጠባዊ ኩነታት፡ ምስቲ ስውርን ድጉልን ፖለቲካዊ ግድላት ናይዘን ሃገራት ተደሚሩ ዓቕርዎ ዘጉዓዝ ዘሎ ሓደጋ ከቢድ እዩ።

እዚ ኣብ ጎረባብትና ሃገራት ዝርከብ ኣዝዩ ኣሻቓሊ ኩነታት፡ ብሰንኪ ዘይቕኑዕን ሓልዮት ህዝቢታት ዞባ ዘይብሉን ፖለሲታት ዓበይቲ ሓይልታት ዓለምና ዝተጋደደ እኳ እንተኾነ፡ ብቐንዱ ግን ውጽኢት ፍሽለት ህንጸት ሃገር፣ ሰንከፍ ሃገራዊ ጥምረትን ንጉዳማዊ ምትእትታው ዝዕድም ዘቤታዊ ድኽመትን እዩ።

ኣብዚ ብጆጆኽትን ዝተፈላለየ ፖለቲካዊ ቅልውላውን ዝሕምስ ዘሎ ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ምስልና ምስሊ ኤርትራውያን እንታይ ይመስል፤ እንተድኣ ኢልና እምበኣር፡ ኤርትራ፡ ኣብዚ ዞባ እታ እኹል ውሽጣዊ ሰላም፡ ርግኣትን ሃገራዊ ወሃደትን ኣውሒሳ፡ መዘመር ሰላት እናዘመረት፡ ውሽጣዊ ርግኣታን ሰላማን ኣውሒሳ እትርከብ ሃገር ንቕሓትን ጽንዓትን እያ ክበሃል ይከኣል። ሳላ’ዚ ዘቤታዊ ጸጋ’ዚ ድማ፡ ህዝቢ ኤርትራ ካብ ሕጂ ንድሓር ብምሉኡ ሃሙን ቀልቡን ኣብ ልምዓት ኣቕኒዑ፡ ኣብ ዕዮ ገዛኡ ክጽመድ፡ ብተዛማዲ ዝሓሸ ዕድል ዝረኸበሉ ባይታ ፈጢሩ ኣሎ። እዚ ዕድል’ዚ፡ ብቐንዱ ውጽኢት ናይቲ ኣብ ሃገራዊ ቃልሲ ብሓባራዊ መስዋእቲ ዝተኸሰኮሰ ተረር ሃገራዊ ሓድነትን ምዕቡል ፖለቲካዊ ባህልን እዩ። ኤርትራ ‘ዚ ዘለዋ ጸላል ሃገራዊ ሰላት ክትፈጥር ምኽኣላ ጥራይ ዘይኮነ፡ ጸግዕተኛነት ወገድ ኢሉ፡ ብምትካል ርእሰ ምርኩሳ ሃገራዊ ህንጸት ብምስልሳል፡ ንማሕበራዊ ፍትሒ ድልዱል ባይታ ከተንጽፍ ዝንቀደት ሃገር ምዃና፡ ነቲ ዘለዋ ጸጋ ዘውሕስ ካልእ ዝዓበየ ረቛሒ እዩ።

ከምዚ ዝተጠቕሰ፡ ህዝቢ ኤርትራ ውሽጣዊ ሰላሙን ጸጥታኡን ብዘቕዖት ከሕውስ ዝኸኣለ ህዝቢ ይኹን እምበር፡ ዞባውን ዓለማውን ኩነታት ኣይጸልዎን እዩ ክበሃል ኣይከኣልን። ኤርትራ ኣብ ኣዝዩ ስትራተጂያዊ ከባቢ ናይ ዓለምና እትርከብ ሃገር ከም ምዃና መጠን ብዓለማውን ዞባውን ኩነታት ብቐጥታ እትጽሎ ሃገር እያ። ከም ኣካል ፖለቲካዊ ቅልውላው ቀርኒ ኣፍሪቃ፡ ኣብ ዝሓለፈ ልዕሊ ነዊሕ ዓመታት፡ ብጉዳም ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ክፉተን ዝጸንሐ ወተሃደራዊ፡ ፖለቲካዊ፡ ጸጥታዊን ቁጠባዊን ተጻብኦታትን ሸርሒታትን ብቐሊል ዝግመት ኣይኮነን። ህዝቢ ኤርትራ ግን ሳላ’ቲ ብዙሓት ሕብረተሰባት ክውንንዎ ዘይክኣሉ፡ ሃገራዊ ጥምረቱን ንቕሓቱን ዝያዳ ኩሉ በቲ ዘይንደል ጽንዓቱ ንኹሉ ብዮኡዓም ዝተኣልመ ውዲታትን ሸርሒታትን ብቐሊሉ እናበርዓዮ ክመጽእ ጸኒሑ ኣሎ።

ካብዚ ዝሓለፍናዮ መስርሕን ካብ ታሪኽና ብሓፈሻን ከምእንምገዝቦ፡ ውሕስነት ህላወ ቀጻልነትን ምዕባለን ሓደ ሕብረተሰብ ብቐንዱ ሃገራዊ ጥምረት፡ ፖለቲካዊ ብቕዓትን ንቕሓትን እዩ። ዕወት ህዝቢ፡ እቲ ብዙሕ ዝቖጽሩ ወይ ዝፍ ባህርያዊ ጸጋ ዝውንን ዘይኮነ፡ እቲ ስሙርን ብሉጽ ሃገራዊ ክብርታት ዝውንን ልዑል ፖለቲካዊ ብቕዓት ዘለዎ ህዝቢ እዩ። ናይ እዋን ቃልስን ናይ ድሕሪ ናጽነትን ታሪኽና፡ ናይዚ ሓቂ’ዚ ጉሉሕ ምስክር እዩ። ከመይሲ ሳላ ውሽጣዊ ጥምረትናን ሓያል ውዳበናን ኢና፡ ናብ ዘይጸዓድ ሓይሊ ተቐይርና፡ ንኹሉ ዘይክኣል ዝመስል ምረትን መሰናኽልን ሰጊርና፡ ዝተፈላለየ ሸርሒታት መኪትና ህላወናን ቀጻልነትናን፡ ሰላምናን ጸጥታናን ከውሕስ በቒዕና ዘለና።

ብኣንጻሩ’ዚ ዝተጠቕሰ ንሓይልን ብቕዓትን ሃገር ዝውሰን ረቛሒ፡ ሰንከፍ ሃገራዊ ጥምረትን ድኹም ፖለቲካዊ ብቕዓትን እየም ቀንዲ ጠንቂ ውድቀት ሕብረተሰባት። ምኽንያም ታሪኽ ዓለምና ደጋጊሙ ዘጸረን ኣብ ከባቢና ዘሎ ህልዊ ኩነታት ደጊሙ ዘረጋግጾን ዘሎ ሓቂ እዩ። ጠንቂ ድኽመትን ውድቀትን ሓይልን ብርትዐን ግዳማዊ ተጻብኦ ኣይኮነን። እዚ ሓቂ’ዚ ኣብ ዝኾነ መድረኽ ናይ ታሪኽ ፍጹም ተቐይሩ ኣይፈልጥን። ንመጻኢ እውን ዝቕየር ኣይኮነን። ሕብረተሰብ ብውሽጡ እዩ ዝደክምን ዝፀኑን። ግዳማዊ ተጻብኦ ኩሉ ሳዕ ካልኣዊ እዩ።

ኤርትራውያን ኣብ ቅድሚ ግሁድን ዘይግሁዱን ዞባውን ዓለማውን ተጻብኦ ጸኒዕና ደው ክንብል ዘኽኣለና ረቛሒ፡ እቲ ብሒያል ሃገራዊ ሓድነትን ሰላትን ዝልለ ፖለቲካዊ ባህልናን ብቕዓትናን እዩ። ብሕጂ ዝጸበዩና ብድህሃታት ሰጊርና ኣብቲ እንደልዮ ዕላማ ንምብጻሕ ከኣ፡ እዚ ቀንዲ ምስጢር ዓወትና ዝኾነ ጸጋ’ዚ ክዕቀብ ጥራይ ዘይኮነ ዝያዳ እናሰሰነ ባህሊ መንእሰይ ወለዶ እናኾነ ክኸይድ ክኽእል ኣለዎ። ክንዲ ዝኾነ መንእሰያት፡ ብፖለቲካዊን ሱሓሳባዊን ስራሕ ኣዚ ዘለዎን ሃገራዊ ጸጋ’ዚ ምዕቃብን ምምዕባልን ዝያዳ ኩሉ ክንጽዕረሉ ዝግብኦ ጉዳይ እዩ።

ምስጢር ዓወት ኩሉ ሳዕ ውሽጣዊ ጽሬትን ብርትዐን እምበር ድኻም ተጻብኦቲ ኣይኮነን። ኣዝዩ ዕወትን ተኣምራታዊ ቅያን ሓርነታዊ ቃልስና፡ ጸላእትና ድኹማት ስለዝነበሩ ዝተረኽበ ዘይኮነ፡ ጥምረትናን ብርታዐናን፡ ልዕሊ ሓይሎምን ሓይሊ ዘራያቶምን ጸብሊል ስለዝበለ እዩ። ኣብዚ ዝሓለፈ ናይ ናጽነት ዓመታት፡ ካልኦት ህዝቡታት ክጻወሩዎ ዘጸግም ግዳማዊ ተጻብኦ፡ ካብ ቅሉዕ ወራር ክሳብ ዝተፈላለየ ስውር ፖለቲካውን ቁጠባውን ሸርሒታት ምምካትና እውን ፍረ ጻማ ሃገራዊ ጥምረትናን ሰላትናን እዩ።

ለባማት ኣቦታትና ከምስሉ፡ “ኣብ ኢድካ ዘሎ ወርቂ ዳርጋ ጨርቂ” ይብሉ። እዚ ምስላ’ዚ፡ ኣዕሚቑ ንዘስተንትኖ፡ ካብ ውልቃዊ ክሳብ ሕብረተሰባዊ ህይወት ክትርጎም ዝኽእል ዓቢይ ፍልስፍና እዩ። ምኽንያቱ ሰብ ዝበዝሕ ግዜ ዝኾነሎም እንተዘይተኸልዩ፡ ኣብ ኢዶም ዝሎ ኣይጸብጽቡን እዮም። ዘለዎም ብልጫ ከም ውሁብን ብቐሊሉ ዝርከብን ጌሮም ስለዘውሰድዎ ኣየድንቕዎን ጥራይ ዘይኮነ፡ ዋጋ እውን ኣይህብዎን። ጸጋኦም ብልክዕ ዝግንዘብዎን ዘድንቕዎን፡ ካልእ መጻጸሪ ኩነት ብዮኡብሪ ኪጋጥሞም ወይ ብምዕዶ ክዕዘቡ እንኸለዉ ጥራይ እዩ።

ህልዊ ዓለማዊ ክውንነት ዘየኻኽረና ሓደ ዓቢይ ቁም ነገር እንተሎ እምበኣር፡ ኑቲ ከም ውጽኢት ዘለዉና ሃገራዊ ክብረታትና ከረጋግጾ ክኢልና ዘለና ሕብረተሰባዊ ርግኣትን ወሃደትን፡ ከድንቖ ጥራይ ዘይኮነ፡ ክንዕቅቦን ዝያዳ ከሐይሎን ብቑጠባውን ወተሃደራውን ዓቕሚ ክንድርጾ፡ ብፖለቲካውን ባህላውን ስራሕን ክንክልዮን ከምዘለና እዩ። ምኽንያቱ ርግኣትን ወሃደትን ምስ ዕላማ ገበት ሓይልታት ዘይሰማማዕ፡ ኣዒንቲ ቀናኣት ክስሕብ ባህርያዊ እዩ። ክንዲ ዝኾነ ዝሎና ጸጋታት ሃገራዊ ሰላትን ሓድነትን ምፍላጥን ምድናቕን ጥራይ ዘይኮነ ንኽይብሕጎግ ኣጽኒዕና ክንሕልዎ ይግባእ። ህዝቢን መንግስትን ብሓባር፡ ኣውራ ድማ መንእሰያት ኑቶም ርግኣትን ቅሳነትን ክዘርጉ ዝኽእሉ ሸርሒታትን ሜላታትን ብንቕሓት ምስ ዝምክትዎም ኮይኑ፡ ብማስዋእቲ ዝተነድቀ ኣውሓሲ ርግኣትን ጸጥታን ስልጡን ፖለቲካዊ ባህልና ኣብ ማስመሩ ብምጽናዕ፡ ምህርቱ፡ ደረት ኣልቦ ምዕባለን ብልጽግናን ከምዝኸውን ርጉጽ እዩ። ሃገራዊ ሰላት ጸላል ኩለንተናዊ ዕብየት ስለዝኾነ!





# ቃለ- መሕትት

ኣብርሃም ዘርአ (ወዲ-ሃለቃ)

## "ትምህርቲ ኩሉ ዜጋ ብማዕረ ክረኽቦ ዘለዎ መሰል'ዩ"

### ሚ/ር ትምህርቲ ዶ/ር ሓሊማ መሓመድ

ስእሊ.- ኣብርሃም በየነ

> ክቡራት ኣንበብቲ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ፥ ብኣጋጣሚ መበል 35 ጽንበል በዓል ናጽነትና፡ ብዛዕባ ሓፈሻዊ ኩነታትን ምዕባለን ትምህርቲ ሃገርና ኣመልኪትና ምስ ሚኒስተር ትምህርቲ ዶ/ር ሓሊማ መሓመድ ቃለ-መሕተት ኣካይድና ኔርና። ንምሉእ ትሕዝቶኡ ሰናይ ንባብ፥

**ሕቶ - ፈለማ ኣብ መንነ ስራሕኪ ንዘዘብናና ዕድል ነማስግነ፡ ሚ/ር ሓሊማ መርሓ ወይ ፖሊሲ መንግስቲ ኤርትራ ኣብ ኣገልግሎት ትምህርቲ እንታይ ከም ዝመስል ክተብርህልና፥ እዚ ክንብል እንከለና፥ ኣብ ኩሉ መዳያዊ ወፍሪ ትምህርቲ ዝሰለል ንጥፈታት ክትገልጽልና፥**

ብቐዳምነት ኣብ ትምህርቲ ንዘለና ዕማማትን ብድሆታትን ናብ ህዝቢ ንክተብጽሖ ስለ ዝመጻእኩም ብልቢ ኣመስግን። እዚ ንጉበር ዘለና ቃለ-መሕተት ብምኽንያት እቲ ኣብ'ዚ ቀረባ ሳምንታት ዘብዓልናዮ መበል 35 ዓመት ጽንበል በዓል ናጽነትና ይኣኩድ ስለ ዘሎ፡ በቲ ዝወጽአ ቴማ መሰረት "ጽንዓትና ዋሕስና" ዝብል እዩ። በዚ ኣጋጣሚ ድማ ንመላእ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ውሽጥን ወጻእን ንመምህራንን ተመሃሮን ኤርትራ፥ ብዓብይኡ ከኣ ንሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ብፍላይ የሃና ክብል እፈቱ።

ናብ'ቲ ዝቐረበ ሕቶ ክምለስ፡ መንግስቲ ኤርትራ፥ ካብ'ቲ ሃገርና ሓራ ዝወጸኣትሉ 1991 ጀሚሩ ጥራይ ዘይኮነ፡ ዋላ እቲ ቀደም ኣብ እዋን ገድሊ ንምምጻእ ናጽነት እናተቓለሰ እንከሎ፡ ዝበሮ ፖሊሲ ናይ ትምህርቲ ተመሳሲ እዩ። እቲ ቀንዲ መርሓ ናይ መንግስቲ ኤርትራ ከኣ "ትምህርቲ ንኹሉ" እዩ ዝብል። ማለት "ትምህርቲ ንኹሉ ኤርትራዊ ዜጋ ብማዕረ ክረኽቦ ዘለዎ መሰል'ዩ" ዝብል እዩ። ትምህርቲ ብዓለም ለኻዊ እንተ ደኣ ርኢናዮ'ውን ሓደ ካብ ዓበይቲ ሰብኣዊ መሰላት እዩ። መንግስቲ ኤርትራ ድማ ትምህርቲ ናብ ኩሉ ንኽበጽሕ ብቑጻሊ ዝሰርሓሉን ዝድኽመሉን ጉዳይ እዩ። ኣብ ርእሲ እዚ፡ እቲ ቐንዲ መርሓ ናይ ትምህርቲ እንታይ እዩ፥ እቲ ማሕበራዊ ፍትሒ ንምንጋስ ዝጠበር ንጥፈታት እዩ። ምኽንያቱ ኣብ ኤርትራ ኩልና ከም ንፈልጦ ትሸዓተ ዝተፈላለያ ብሄራትን ቋንቋታትን ኣለዋና። ብዘበዝሕኦ ክንርእዮ እንከለና፥ ዝደምሞዖን ባህሉን ኣኽቢሩ ብሓደነትን ሰላምን ስጢሙ ዝኸይድ ህዝቢ እዩ ዘለና። ማዕረ-ማዕረ እዚ ከኣ እቲ ናይ ትምህርቲ ዕድልን መኣድን በቲ ዝጸብጽ ክረክብ እዩ ዘለዎ። ብዛዕባ ቀጠባን ካልእ ዕብየት ኣብ ህይወት ክንዛረብ እንተ ደኣ ኩይንና'ውን እቲ ቐንዲ መሰረት ትምህርቲ እዩ። እቲ "ትምህርቲ ንኹሉ" ዝብል መርሓ ጉዳና፥ እቲ ዋና መኣርሒ ማሕበራዊ ፍትሒ እዩ። ጸጋታት መንግስትን ህዝብን ከኣ ማሕበራዊ ፍትሒ ንምንጋስ እዩ። እዚ ከኣ እቲ መሰረታዊ ዕላማ እዩ። ኤርትራ ሃገርና ሃብታም ሃገር ኣይኮነትን። እዚ ኣብ ግብሪ ንምውዓል ከኣ መንግስቲ ኤርትራ በቲ ዘለዎ ዓቕሚ ብልዑል ንጥፈት ይሰርሓሉ ኣሎ። ሓደ ካብ'ቲ ዝለዓለ ዝሰለየ ባጀት ድማ ንጽላት ትምህርቲ ዝሰለዐ ባጀት እዩ። ስለ'ዚ እቲ ፋይናንሳዊ መዳይ ኣብ ትምህርቲ ዘኪዶ ወፍሪ ደሞዝ መምህራን ኣሎ፥ ምህናጽ ኣሕደርቲ (ቦርዲን) ኣብያተ ትምህርቲ ኣሎ። ቦርዲን ክትሃንጽ እንከለኻ ንቐሉብ ናይቶም ተመሃሮ ማለት መኣብርኦም፡ ክዳኖም ንኹሉ ዝጠበር ወጻኢታት ኣሎ። ብዓብይኡ መንግስቲ ኤርትራ ዝጥቀመሉ ናይ ትምህርቲ መምሃሪ ቋንቋ፡ እቲ ቋንቋ ኣደ እዩ። እዚ ከኣ እቲ ኣብ መውዓሊ ህጻናትን መባእታን ደረጃ ንዝመሃሩ ተመሃሮ ዝውሃብ እዩ። እቲ መምሃሪ 'ቋንቋ ኣደ እዩ' ክንብል እንከለና፥ እንታይ ማለት'ዩ፥ ትሸዓተ ቋንቋታት ኣለዋና፡ ብትሸዓቲኤን ቋንቋታት ከኣ ንምሃር ማለት እዩ። ስለ'ዚ ብትሸዓተ ቋንቋታት ክትምሃር እንከለኻ፥ እቲ ናይ ሕትመት ወጻኢታት'ውን ብእኡ መጠን እዩ ዝዓቢ። ስለ'ዚ ዘለዉ መጻሕፍትና ካብ መውዓሊ ህጻናት ጀሚርካ ክሳብ 12 ክፍሊ ዘሎ ናይ ኩሉ ዓይነት ትምህርቲ መጻሕፍትታት፥ ብፍላይ ካብ ቀዳማይ ክሳብ ሓሙሻይ ክፍሊ ዘሎ መጻሕፍቲ ብኹሉ ዓይነት ትምህርቲ ብኹሉ ዓይነት ቋንቋታት ስለ ዝሕተም ዓበይቲ ወጻኢታት እዩ ዝሓትት። ብኣሃዝ ክንድ'ዚ ባጀት እዩ መንግስቲ ዘውጽኣሉ ኢልና ዋላ ኣይንቐምጦ፡ ብሓፈሻ ንኹለን ኩሉኝትና ዝወጸኣ ባጀት፥ ንመጻሕፍቲ፡ ንኣሕደርቲ ኣብያተ ትምህርቲ ንመምህራን ንኻልእ ኣብ ትምህርቲ ሓገዝቲ ዝኾኑ ነገራትን መሳርሒታትን ዝወጽእ ባጀትን ወፍርን መንግስቲ ዝጉበሮ ወጻኢታትን ዓቢ ምኻኑ እየ ክረድእ ዝደሊ።

**ሕቶ - ካብ'ዚ ሓሳብ ከይወጻእና፥ ቀንዲ ራእን ዕላማን ሚ/ሪ ትምህርቲ እንታይ'ዩ፥**

ከም'ቲ ኣቐዲመ ዝበልኩዎ፡ ዕላማን ራእን ሚኒስትሪ ትምህርቲ "ትምህርቲ ንኹሉ" ክንብል እንከለና፡ ትምህርቲ ንሰለ ምኽፋት ኣይኮነን። እቲ ቀንዲ ዕላማ ናይ ሚ/ሪ ትምህርቲ ብቕዓት ዘለዎ ምዕሩይ ትምህርቲ ንኹሉ ምብጻሕ እዩ። እዚ ክንብል እንከለና እንታይ እዩ፥ እቲ ማሕበራዊ ፍትሒ ዘለዎ መርሓና፡ እተን እንኸፍተን ኣብያተ ትምህርቲ ኣብ ኩለን ንኽበጽሕተን ከም'ኡ'ውን በቲ ዝርደኦ ቋንቋ ንምምሃር ዝዋለመ እዩ። ኣብ ርእሲኡ ድማ ብቕዓትን ዝርግሐን ዘለዎ ትምህርቲ ንኽህሉ'ዩ እቲ ቀንዲ ተልእኾ ናይ'ዚ መንግስቲ። እዚ እንተ ደኣ ገይርና ከኣ እቲ ናይ መወዳእታ እንኸዶ ሹቶ ምዕዋት እዩ። ብቑኑጠበን ትምህርትን ኑብሳ ዝኾኣለት ሃገር ንምህናጽን ርእሰ ምትእምማን ዘለዎም ዜጋታት ንክፈርዩ የኽእል ማለት እዩ። እዚ'ዩ እቲ መትከልን ዕላማን ናይ'ዚ ሚኒስትሪ።

**ሕቶ - ምስኡ ተታሓሒዙ ዝኸይድ፥ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዘለዎ ክፍልታትን ኣብ ምምሕዳል ዓቕሚ ሰብን ቴክኒካውን ሞያውን ዝካየዶም ስልጠናታትን እንታይ ይመስሉ፥ ብፍላይ ኣብ ሓፈሻዊ ትምህርቲ፡ ትምህርቲ ንዓበይትን ሚድያን ቀዓምት ተዋሂቦም ዝሰርሓሉም ዘሎ ንጥፈታት ከኣ ክትገልጽልና፥**

እዚ ዕብዩ ዝበለ ሕቶ'ኳ እንተ'ኹኑ ዝርዝራዊ ሓበሬታ ንምርካብ ካብ ነፍሲ-ወከፍ ዝምልከቶ ጨንፈር ናይ'ዚ ሚ/ሪ ስለዘሎ ክትወስድዎን ክትርእይዎን እውን ትኽእሉ ኢኹም። ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ኣሃዱታት (ዲፓርትመንትስ) ከይኣተኹ እተን ዘለዋና ክፍልታት ንምምላጽ ዝኣክል፥ ሓደ ምምዕባል ዓቕሚ ሰብን ምርምርን ዝበሃል ኣለና። እዚ ክፍሊ እዚ ድማ ኣብ ምስልጣን መምህራን እዩ ዝጠፍ። ይውድብን የካይድን። ስልጠና ናይ መምህራን ክንብል እንከለና፥ ኣብ ሕቶ ትምህርቲ እቲ ኣጉዳስን መሰረታውን እዩ። ስለ'ዚ ክልተ ዓይነት ስልጠናታት እዩ ዝህብን ዝውድብን። 'ኦን ጆብ ትረይኒን' ንብሎ ሓጺር ምስ ስራሕ ምምህርናን ምሕደራን ዝተኣሳሰረ፥ ንየም መምህራን ኣብ ናይ ቀጻሊ ስርሖም ንምዕጣቅ ዝሕግዞም ሓጸርቲ ስልጠናታት ኣሎ። እዚ ስልጠና ናይ ሰሙን፥ ወርሒ፥ ክልተ ወርሒ ከም'ኡ እናበለ ዝውሃብ እዩ። እዚ ድማ በዚ ክፍሊ'ዚ እናተኣለየ ኣብ ኣብያተ ትምህርቲ ዝውሃብ እዩ። ዳርጋ በቲ መምርሒ ሚ/ሪ ትምህርቲ፡ ነፍሲ-ወከፍ መምህር ኣብ ዓመት ብውሕዱ 20 ሰዓት ተወሳኺ ስልጠና ክወስድ ኣለዎ ዝብል እዩ እቲ መዐቀኒ። እዚን ካልእን ድማ እቲ ክፍሊ ዘሰላስሎም ስራሓት ኣለዉዎ።

- **ቀጻሊ ሚ/ር**

ሚ/ሪ ትምህርቲ ምስ ኮለጃትና እናተኣሳሰረ ዓቕሚን ደረጃን መምህራን ካብ'ቲ ዝበርም ክብ ንምባል፥ ኣፐ ግሬድ ዝገብሩሉ ዕድላት ፈጢሩ እዩ። እዚ ከኣ ንዕብየትን ፍልጠትን ናይቶም መምህራን ሓጊዙ እዩ። እዚ ንነውሕ ዝበለ እዋናት ሰሪሑሉ እዩ። እቶም ሰርቲፍኬት ዝሃብሮም ኣብ ማእከል መሰልጠኒ መምህራን ኣትዮም ሰርቲፍኬት ከም ዝረኽቡ ይገብር ኔሩ እዩ። እቶም ነዊሕ ዓመታት ዝመሃሩ'ሞ ሰርቲፍኬት ዝበርም መምህራን ድማ ናይ ዲፕሎማ ዕድል ረኺቦም ደረጃኦም ክብ ንኽብሉ ይገብር ኔሩ። ብዙሓት መምህራንና ከኣ ብዲስታንስ ኢዱኬሽን እዚ 'ኦዲኤል' እንብሎ ፕሮግራም ኣብ ኮሌጅ ማይ-ነፍሒ ምርድዳእ ብምግባር፥ ብዙሓት መምህራን ዕድል ናይ ዲፕሎማ ክረኽቡ ክኢሎም እዮም። ዲፕሎማ ዝበርም ድማ ናይ ዲግሪ ዕድል ከም ዝረኽቡ ተገይሩ እዩ። ዲግሪ ዝበርም ናብ ማስተርስ፡ ማስተርስ ዝበርም ከኣ ናብ ፒ ኤች ዲ ከም ዝማዕበልዎን ከም ዘደይብዎን ተገይሩ እዩ። እዚ ቀደሚ ሓሙሽተ ሽዱሽተ ዓመታት ዝበረ ንጥፈታት'ዚ፥ እዚ ክፍሊ ዓቢ ንጥፈታት እዩ ዝፃምም ኔሩ። እቲ ኣብ ውሽጢ ሚ/ሪ ትምህርቲ ዝሰርሕ ዘሎ ሰራሕተኛ ከኣ ካብታ ዘለዋ ደረጃ ትምህርቲ ከም ዝወሰኽን ከም ዝዓቢን ይግበር ኔሩ። ምናልባት ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ እዚ ናይ 'ኣፐ ግረዲንግ' ዝበሃል ብቴክኒካዊ ምኽንያት ተቋሪጹ ስለ ዘሎ፡ እዚ ክንብሎ ዝጸንሓና ዕድል ደርኩብ የለን። እቲ እምነት ናይ ሚ/ሪ ትምህርቲ ግን ንሱ እዩ። ኣብ ናይ መጻኢ መደብትና'ውን ንሱ እዩ ክቕጽል ዘለዎ። ኣብ'ቲ ሰስተም ኣትዩ ዘሎ ሰብ፡ ናይ ብሉጺ ብዝተወፈየትን መምህር ኩይኑ እናሰርሐ ... ዳይረክተር፥ ሱፐርቫይዘርን መራሒ ናይ ትምህርቲን እናኾነ ክየቢ እንተ ደኣ ኩይኑ ናይ ትምህርቲ ዓቕሙ ክምዕብል እዩ ዘለዎ። እዚ ከኣ ካብ'ቲ ክሰርሓሉ ዘለና ዕማማት እዩ። እዚ ማለት ኣብ ርእሲ እቲ ዝጠቐስኩዎ ሓጺር ዕማማት ማለተይ እዩ።

ካልእ ክፍሊ ሓፈሻዊ ትምህርቲ ዝበሃል ኣሎ። እዚ ክፍሊ'ዚ ካብ መውዓሊ ህጻናት ክሳብ 2ይ ደረጃ ዝለዋ ኣብያተ ትምህርቲ ንስርዓት ካሪክለምን ኣመሃህራን ዝከታተል እዩ። ካሪክለም የዳሉ ንሱ ድማ የመሓድር። ዝተፈላለዩ መምርሒታት ናይ ምዝና መምርሒታት፥ እዚ ተመሃራይ ዘማእከለ ኣገባብ ኣመሃህራ እንብሎን ኩታ ብቕዓት ትምህርቲ ዝከታተል እዚ ክፍሊ እዚ እዩ። ስለ'ዚ ብክፍሊ ሓፈሻዊ ትምህርቲ ኣብ ውሽጢ'ዚ 35 ዓመታት ዝተሰርሐ ንጥፈታት ኣዝዩ ብዙሕ እዩ። ክሳብ 2001 በቲ ናይ ፈለማ ዝሓዝናዮ ካሪክለም ኢና ንጥቀም ኔርና። ካብኡ ናይ ካሪክለም ክለሳ ተገይሩ። ስለ'ዚ ብኹለን ዓይነት ትምህርትን ኩለን ቋንቋታት ኣደን ካብ መዋእለ ህጻናት ክሳብ ካልኣይ ደረጃ ናይ ኩሉም ዓይነት ትምህርቲ መጻሕፍትና እውን ኣብ'ዚ ክፍሊ እዚ እዮም ዝዳለዉ። ኣብ መወዳእታ ንሕትመት በቒዖም ንስራሕ ድሉዋት ይኹኑ ማለት እዩ። ብዘይካ እቲ ካሪክለም ምድላው፥ ትግባረ ናይ ካሪክለም ከኣ ይከታተል። ትግባረ ናይ ካሪክለም ክንብል እንከለና፥ ኣብ'ቲ ክፍሊ ዳርጋ ሰለስተ ዝኾኑ ጨናፍር ኣለዉ።

- **ክትጠቕስልና፥**

ጨንፈር ካሪክለም ኣሎ። እዚ፡ ከኣ ካሪክለም የዳሉን ይከታተልን። ጨንፈር ሃገራዊ ምዘና'ውን ኣሎ። እዚ ከኣ ነቲ ብቐጻሊ ዝካየድ ሃገራዊ መርመራ ሻሙናይ ክፍሊ ካብ ክፍሊ ናብ ክፍሊ ንምሕላፍ ዝጥበር ናይ ምዘና ስርዓትን ኣገባብን ይከታተል። እቲ ሳልሳይ ድማ ብቕዓት ትምህርቲ ዝከታተል ጨንፈር እዩ። እቲ ካልእ ዝርዝራዊ ስራሕን ንጥፈታትን ናይ'ቲ ክፍሊ ግን ባዕሉ እቲ ክፍሊ ከብርሆ ይኽእል እዩ። ኣብ'ዚ ክፍሊ'ዚ ዓቢ ናይ ሕትመት ስራሕ ኢና ኣካይድና። ምስታ ቀዳመይቲ ዝሓለፈትና ሕቶ ትተኣሳሰር ዝወጽአ ባጀት ኣዝዩ ብዙሕ እዩ። ኣብ'ዚ ግዜ እዚ ደሓር ካብቶም ብድሆታት ክፍጽሞ ንኽእል ንኸውን። መጻሕፍቲ ናይ ምሕታም ቀጻሊ ስራሕ ብዙሕ ገዝዚበን ወጻኢታትን ስለ ዝሓትት ኣብ'ዚ ብድሆታት ኣለና ክንብል ንኽእል። ብፍላይ ኣብ'ቲ ናይ መባእታ ደረጃ መጽሓፍቲ እርጋንን ዋሕድን የጋጥም እዩ።

**ሕቶ - እቲ ሳልሳይ ክፍሊ'ኸ፥**

እዚ ሳልሳይ ክፍሊ ክጥቀስ ዝኽእል፡ ሞያዊ ትምህርትን ስልጠናታትን እዩ። እዚ ክፍሊ እዚ ኣዝዩ ኣገዳሲ ክፍሊ እዩ። እቲ ናይ ኣካዳሚ (ቀለም) ትምህርቲ ከመሃር ዝጸንሐ ተመሃራይ ናብ ሞያ ዘጥርየሉ ሓደ ክእለት ኣማዕቢሉ ኣብርኻቲ ኩይኑ ናብ ስራሕ ከም ዝዋፈሩ ዝገብር ክፍሊ እዩ። እንተ ደኣ ርኢናየን እተን ናይ ማእከል መሰልጠኒ ዘለዋና ኣብያተ ትምህርቲ ውሑዳት እየን። ዓሰርተ ኣብያተ ትምህርቲ እየን። ኣብ'ዚ ሕጂ እዋን ጉዳለን ኣለዋ። ምስቲ ቁጽሪ ተመሃራይና ክንርእየን እንከለና፥ ትሕቲ ኣርባዕተ ሚኢታዊት እዩ ዕድል ናይ'ዚ ስልጠና ዝረክብ ማለት እዩ። ከም ድሌት ናይ'ቲ ህዝብን ተመሃራይን እንተ ደኣ ርኢና ግን ኣብ'ዚ ዓውዲ ብዙሕ ድሌት ኣሎ። ብዙሕን ከቢድ ወጻኢታትን ዝሓትት ዓውዲ ብምኻኑ፥ እኹል እዩ ዘሎ ክንብል ኣይንኽእልን። ኩሎም እቶም ካብዘን ኣብያተ ትምህርቲ ተማሂሮም ዝወጽኡ'ውን ኣፍረይቲ እዮም። ኣብ'ዚ ናይ ክልተ ዓመት ትምህርቲ ኢና ንሃብ። 10ይ ክፍሊ ምስ ወድኡ 11ን 12ን ኣብኡ ይመሃሩ። በቲ ሓደ ወገን እቲ ናይ ቀለም ትምህርቲ ይወስዱ፥ በቲ ኻልእ ወገን ከኣ ሞያዊ ትምህርቲ ይስልጥኑ። ኣብ መወዳእታ ድማ ማትሪክ ናይ ምሕላፍ ዕድል ኣለዎም። ንኽልቲኡ ዕድላት ሒዞም እዮም ዝኸዱ። ኣዝዩ ኣገዳሲ ጽላት ድማ እዩ። እዚ ክብል እንከለኹ ምስ ኩሉ ኩነታትን ዓቕሚን ሃገርና ኣብ ግምት ብምእታው፥ እቲ ዓውዲ ናይ ሞያዊ ስልጠና ክዓቢ ዘለዎ እዩ።

ይቕጽል...



# ማሕበራዊ ዕብየት

ብምትሕብባር ሚ/ዕ/ማ/ድሕነት ዝዳሎ

## ባህላዊ ተዛምዶነት ኣብ ሕብረተሰብ

ሉል ተስፋይ
ሚ/ዕ/ማ/ድሕነትን

ኣብ ብርክት ዝበለ ዓውዲታት ማሕበራዊ ስነ ፍልጠት፡ ብስፋሑ ካብ ዝተዳህሰሱ ኣምራት፡ ብቐጻምነት ካብ ዝጥቀሱ፡ ባህሊ እዩ። ኣገባብ ኣመጋግባ፡ መድረኻት ፍልቀት፡ ማሕበራዊ ህይወትን ቅዲ መነባብሮ ሕብረተሰብ ዓለምን ንምርዳእ ኣብ ዘተኩረ ከይዱ ኣብ ባህሊ ኣተኩሮም ዝተገብሩ መጽናዕትታት፡ ዝተጻወትዎ ተራ ዓቢ'ዩ።

ደረጃታት ምዕባለን ማሕበራቁጠባዊ ኣወዳድባን ሕብረተሰብ ዓለም፡ ኣብ ዝተፈላለየ መድረኻት ዝተፈላለየ መልክዕት ዝሓለፈ እዩ። ጥንታዊ ሕብረተሰብ ዓለም፡ ኣብ ምምኽኣራርን ምህዳንን መሰረት ዝገበረ ህይወት ስለ ዝነበሮ፡ ቅዲ መነባብሮኡ ዝተሓላለኸ ኣይነበረን። ሽው ዝነበረ ምሕብር ህይወት'ውን ንፍልልያትን ደርብታትን ዘኽእል ቦታ ኣይነበሮን። ኣብቲ እዋን ዝማዕበለ ቅዲ ህይወት ከኣ መሰረት ድሕሪኡ ኣብ ዓለም ዝማዕበለ ባህልታት'ዩ።

ኣብ ዘርያ ባህሊ ሕብረተሰባት ኣብ ዝግበር መጽናዕትን ምርምራትን ንቋንቋ፡ ቅዲ ህይወት፡ ክብርታት፡ ልምዲታትን ቅጥዕታትን ናይዞም ህዝብታት ኣብ ግምት ምእታው ኣገዳሲ ይኸውን። ባህሊ ሰፊሕ መጽናዕትን ምርምርን ዘድልዮም ካልኦት ዓበይቲ ክፋላት ስለ ዘለውዎ፡ ንኹሎም ኣብ ውሽጡ ዝርከቡ ኣምራት ንምድህሳስን ንምጽናዕን ኣብ ሓጺር ግዜን ብውሑድ ጸጋታትን ምትግባሩ ኣሸጋሪ ካብ ዝኾነ ረጃሒ እዩ።

ስነሰብ (anthropology)ን ስነጥንቲ (archeology)ን ሓደ ካብ ኣገደስቲ ዓውዲታት ማሕበራዊ ስነ ፍልጠት ምኻኑ ይጥቀስ። ንፍልቀትን ኣመጋግባን ሕብረተሰብ ዓለም፡ ባህሊ፡ ስነ ጥንታዊ ርኽበታት፡ ብርክት ዝበሉ ብሄራትን ህዝብታትን ዓለም፡ ወዘተ. ድማ የጽንዕ። ንኣብነት፡ ስነ ዓሌት (ethnography)፡ ኣብ ውሽጢ ስነ ሰብን ስነ ጥንትን ካብ ዝጠቓለሉ ዓውድታት ኮይኑ፡ ብዛዕባ ዝተፈላለዩ ባህልታት፡ ዓሌታት፡ ቋንቋ፡ ቅዲ ህይወት ናይ ህዝብታት ኣብ ምጽናዕ ዘተኩር እዩ።

ክኢላታት ስነ ዓሌት፡ ክኢላታት ናይቲ ዓውዲ ኮይኖም፡ ናይቲ ክጽንዕ ዝደለ ሕብረተሰብ ባህሊ፡ ልምዲ፡ ክብርታት፡ ቋንቋ ንምፍላጥን ምርዳእን ምስቲ ዕላማ መጽናዕቲ ኮይኑ ዘሎ ሕብረተሰብ ብጥዑብ ክሰብሩን ኣገባብ ህይወቱ ክጽንዑን ይሕተቱ። ብዛዕባ እቲ ዝተጸንዐ ሕብረተሰብ ዝደለ መረዳእታ ምስ ተኻየደ ድማ መጽናዕታዊ ጽሑፋቶም ኣሕቲሞም፡ ርኽበታት መጽናዕቶም ናብ ህዝቢ ይዝርግሑ።




ብዛዕባ ባህልን ክብርታትን ህዝብታት መጽናዕትታት ኣብ ዝካየደሉ እዋን፡ ሚዛናውን ወድዓውን ወጽኢት ዘለዎ ርኽበታት ምስናር ኣገዳሲ ይኸውን። መጽናዕቲ ኣብ ዝግበረሉ እዋን ንሓደ ባህሊ ምስ ካልኦት ብምውድዳር ዝበልጸ ምኻኑ ንምርኣይን ንኻልኦት ንምንእኣስን ፈተነታት ምኽያድ፡ ምስ ሞያዊ ስነ ምግባርን ወድዓውነትን ክዝክበረቕ ዝግባእ ምሁራዊ መጽናዕትታትን ምርምርን ዝበረሆ ተግባር እዩ። ስለዚ ንሓደ ባህሊ መጽናዕቲ ኣብ ዝግበረሉ ግዜ ካብ ከምኡ ተግባር ምሕያብ ኣገዳሲ ይኸውን።

ባህሊ ከም ኣገዳሲ ኣምር ኣብ ምርድኡ ኣብ ዝግበር ከይዲ ስነ ሕብረተሰብ ስነ ሰብን ስነ ጥንትን ዝኣመሰሉ ዓውድታት ማሕበራዊ ስነ ፍልጠት ዝጻወትዎ ተራ ቀንዲ ስፍራ'ዩ ዝሕዝ። ሚዛናዊ ወድዓዊ ርትዓዊ ኣጠማምታ ኣብ ቅዲ ህይወትን መነባብሮን ህዝብታት ዓለም ንምውናን ኣብቲ ቀጻሊ ዝቀያየርን ዝዕበን ባህልታት



ዘተኻሪ ዝተመሓየሸን ሰፊሕን ምርምራት ምኽያድ፡ መሰረታዊ ነገር እዩ።

ባህላዊ ተዛምዶነት (cultural relativism) ዝብል ኣምር፡ ኣብ ማሕበራዊ ስነ ፍልጠት ብቐጻሊ ካብ ዝዘረብሎምን ዝጸሓፈሎምን እዩ። ዓውዲ ስነ ሕብረተሰብ ንባህላዊ ተዛምዶነት ክገልጾ ከሎ፡ ናይ ሓደ ሕብረተሰብ ባህሊ፡ እምነት፡ ክብርታትን ልምድታትን ብመንጽር እቲ ሕብረተሰብ ዘለዎ ግንዛበ እምበር፡ ብናይ ካልኦት ኣጠማምታን ምልከታን ተራእዩ መዐቀኒታት ክወሃቦ ከም ዘይብሉ ንምምልካት ዝመጸ ኣምር ምኻኑ የመልክት። ብተወሳኺ ህዝብታት ዓለም ዘለዎም ባህልን ቅዲ ህይወትን መምስ ማሕበራ-ባህላዊ ተመኩሮታቶም ተዛሚዱ ክርኣ ከም ዘለዎ'ውን ይጠቅስ።

ኣብዚ ኣምር ዘሎ ግንዛበን መረዳእታን ክፍለ፡ ዓቢ ተራ ካብ ዝተጻወቱ ክኢላታት ሓደ፡ ፍራንዝ ቦኣዝ (1858-1942) ዝተባህለ ጀርመናዊ መበቆል ዘለዎ ኣመሪካዊ ምሁር ስነ ሰብን ስነ ጥንትን እዩ። ፍራንዝ ቦኣዝ ኣብ ዓውዲ ስነ ሰብን ስነ ጥንትን



ብዝተፈደ ኣበርክቶ፡ "ኣቦ ዘመናዊ ዓውዲ ስነ ሰብ ኣብ ኣመሪካ" ተባሂሉ ክስመ በቒዑ እዩ። ፍራንዝ ቦኣዝ ብዛዕባ ባህሊ ክዛረብ ከሎ፡ "ባህሊ ኣብ ማሰርሕ ምልውዋጥ ሓሳባትን ቅዲ ህይወትን ዝምዕበል ስለ ዝኾነ ወጽኢት ብዙሕ ነገር እዩ" ይብል። ንሱ ወሲኹ፡ ባህሊ መቐጸልታ ስልጣኔታት ሕብረተሰብ ዓለም ምኻኑ ብምግንዛቡ

በይኑ ዝምዕበል ዘይኮነ፡ ኣብ ንሓድሕዱ ተዛማድን ተጸላላውን ምኻኑ ይሕብር።

ኣለይን ሎክ ዝተባህለ ካልእ ምሁር'ውን ነቲ ኣብ ዘርያ ባህላዊ ተዛምዶነት ዝገበረ ምርምራት ዘሰፍሐ መጽናዕትታት ኣካይዱ። ሮበርት ሎዊ ዝተባህለ ካልእ ሊቕ ብግዲኡ፡ ኣብ 1917 ኣብ ዝጸሓፎ "ባህልን ስነ ዓሌትን" (culture and ethnography) ዝተሰምየ መጽሓፉ፡ ነዚ ኣምር ዝያዳ ዘዕሙቕ ኣበርክቶታት ገይሩ ይርከብ።

ኣብ ባህሊ ኣመልኪቱ ዝገደስ ክፋል ስነ ሕብረተሰብ ዝያዳ ክዓቢ ዝጀመረ ኣብ ጀርመን እዩ። ኣልፍረድ ዌበር ዝተባህለ ምሁር፡ ኣብቲ ዓውዲ ብዙሕ ምርምራትን መጽናዕትን ብምኽያድ ዓቢ ጽልዋ ዝገደፈ እዩ። ካብ 1960ታት ኣትሒዙ ድማ ብናቱ ጽልዋታት፡ ብዙሓት ክኢላታት ስነ ሕብረተሰብ ኣብ ባህሊ ንዝገደስ ክፋል ስነ ሕብረተሰብ (cultural sociology) ዓቢ ጠመተ ክህብዎ ጀሚሮም። እቶም ኣብ ዘርያ ባህሊ ዝካየዱ ዝነበሩ መጽናዕትታት፡ ዝያዳ ኣብ "ትሕዝቶኣዊ መጽናዕትታት" (qualitative research) ዘድሃቡ ነይሮም።

ከም ካርል ማርክስ፡ ኤሚል ዱርክሃይም፡ ማክስ ዌበር፡ ዝኣመሰሉ ሊቃውንቲ ስነ ሕብረተሰብ እውን ኣብ ምርዳእ ባህልን ክብርን ሕብረተሰባትን ስነ ፍልጠታዊ መረዳእታኡን ዓቢ ስራሕ ሰሪሖም። ጆርጅ ሲመል (1858-1918) ዝተባህለ ጀርመናዊ ምሁር ስነ ሕብረተሰብ ብወገኑ ንኣገዳስነት ባህሊ ኣመልኪቱ ክዛረብ ከሎ፡ "ቁልዑ፡ ኣብ ሕብረተሰብ ተመልሚሎም ኣብ ዝዑበዩሉ እዋናት፡ ነቲ ካልኦት ኣባላት ሕብረተሰብ ዝጥቀሙሉ ሜላ ምብህሃል፡ ቅዲ ህይወት፡ ቅጥዕታትን ክብርታትን ኣብ ኩነት ኣእምሮኦም ብምቕራጽ፡ ይለማመድዎን ይነብሩሉን እዮም" ክብል ይጠቅስ።

ባህላዊ ተዛምዶነት ከም ኣምር ኣብ ምዕባይ ካብ ዝደረኹ ረጃሒታት፡ ኣብ ብርክት ዝበሉ ሕብረተሰባት ዘርኢ ናይ "ብሄራዊ ጸብለልታነት" (ethnocentrism) ኣተሓሳስባ እዩ። እዚ ኣመለኻኽታ እዚ ናይ ሓደ ሕብረተሰብ ባህሊን ክብርታትን ካብ ናይ ካልእ ዝበለጸ ምኻኑ፡ ናይ ካልኦት ግና ዝተሓተ ከም ዝኾነ ዝኣምን ኣተሓሳስባ እዩ። ኣብ ሕብረተሰባት ዓለም ከምዚ ዝኣመሰለ ዝንባሌታት ምህላው፡ ናብ ምንዕዓቕን ምትፍናንን ኣምሪሑ፡ ኣብ ዓለም ዘይተኣደነ ሽግራትን ፀንወትን ፈጢሩ እዩ።

ወዲ ሰብ ኣብ ዓለም ተኸባቢሩን ተኸኣኢሉን ብሰላም ዝነብር፡ ብዙሕነት ናይ ልምድታትን ክብርታትን ኣብ ግምት ብዘእተወ መንገዲ እንተ ኪይዱ ጥራይ እዩ። ባህላዊ ተዛምዶነት ድማ ነዚ ኣብ ምግባር ዓብን ወሳንን ተራ ዝጻወት ኣመለኻኽታ እዩ።

ሕብረ ብዙሓዊ ኣቃውማ ህዝብታት ዓለም፡ ብዝተፈላለየ መድረኻትን ታሪኻዊ ደረጃታትን ዝመጸ እዩ። ኩሉ ድማ መምስ ናቱ ተመኩሮታትን ባህልን ዝኸይድ ግንዛበ፡ እምነት፡ ኣገባብ ህይወት፡ ማሕበረ ቁጠባዊ ኣወዳድባ ሂዙ፡ ኣብ ምንዳዝ ይርከብ። ቁጠባዊ ምዕባለን ቴክኖሎጂያዊ ኸንጋሽን ድማ፡ ኣብ ምቅይያር ማሕበረ ባህላዊ ቅርጺ ሕብረተሰብ ዓለም ዓቢ ተራ ተጻዊቶም ኣለው።

ገለ ክፋላት ዓለም ብቑጠባዊ ኸንጋሽን ቴክኖሎጂን ኣብ ዝለዓለ ደረጃ ክበጽሑ ከለው፡ ገለ ድማ ድሕሪት ይርከቡ። እዚ ዝፈጠሮ ደረጃ ማሕበረ ቁጠባዊ ኣወዳድባ፡ ኣብ ባህልን ክብርታትን ዘሎ ምልከታ፡ ኣብ ምሉእ ዓለም ሓደ ኣይኮነን። ኢንዱስትርያዊ ኸንጋሽ ዝወለዶ ኣወዳድባ ኣብ ምዕራባዊ ዓለም ንዘሎ ሕብረተሰባት፡ ናብ ድሕረ ኢንዱስትርያዊ ወይ ድሕረ ዘመናዊ (post-modernist) ዝበሃል ደረጃ ኣሰጋጊርዎ ይርከብ።

መሰረታዊ መለለዪ ባህርያት ናይ'ዚ ድሕረ ዘመናዊ ሕብረተሰባት፡ ውልቃውነት፡ ዘመናውነት፡ ቴክኖሎጂያዊ ኸንጋሽ፡ ነገራውነት፡ ቀጻሊ ውድድር፡ ምኽዕባት ዘይተኣደነ ቁጠባዊ ዓቕሚ፡ ኮርፖረይትነት (corporatism) ማለት ንሕብረተሰብ ብኢንዱስትሪያውን ሞያውን ኮርፖረሽናት ምውዳብን ሓሳባትን ክጥቀሱ ይኽእሉ። እዚ ዝወለዶ ባህሊ ድማ ንኻልኦት ሕብረተሰባት ከም ድሑራትን ዘይማዕበሉን ገይሩ ናይ ምውሳድ ዝንባሌታት ይርኣ።

ደረጃታት ምዕባለ ሕብረተሰባት፡ ብፍልቀታዊ ደረጃ ዚጋጥምን ዘዘምታውን እዩ። ነዚ ምስተጋጋር ኣብ ባይታ ንምትግባር፡ ዕድመ ብርክት ዝበለ ወለዶታትን ባህላዊ ለውጥን የድልዮ። ማሕበራቁጠባዊ ምስትጋጋር ኣብ ዘጋጥመሉ እዋን፡ ኣብ ሓደ ሕብረተሰብ ዘሎ ኩሉ መበቆላዊ ባህልን ልምድታትን ከም ዘለዎ ብኻልእ ምትካእ ከቢድ ነወጺ ዝፈጥር መሰርሕ እዩ። ስለዚ ካብ ከምኡ ዝንባሌታት ምሕያብ ኣገዳሲ እዩ።

ሳሙኤል ሃንቲንግተን ዝተባህለ ሊቕ ፖለቲካዊ ስነ ፍልጠት፡ 'ምርጻም ስልጣኔታት' (Clash of Civilizations) ኣብ ዝተሰምየት መጽሓፉ፡ "ታሪኽ ወዲ-ሰብ፡ ታሪኽ ዝተፈላለየ ተመኩሮታትን ስልጣኔታትን እዩ። ስለዚ፡ ርጉእን ሓባራውን ዓለም ንምህናጽ፡ ተመኩሮታትን ባህልን ናይ ኩሎም ሕብረተሰባት ዓለም ብዝቦቶኡ ምርዳእን ኣብ ምክባር ዝተመስረተ ኩነታት ምፍጣርን መሰረታዊ እዩ።" ክብል ይጠቅስ።

ብዙሕነት ናይ ባህልን ክብርታትን ከም ጸጋ እምበር ከም መርገም ክውሰድ የብሉን። ናትካ መበቆላዊ ክብርታት ብምዕቃብ፡ ናይ ካልኦት ክብርን ባህልን ምፍላጥን ምኽባርን ባህላዊ ልቦና ስለ ዝኾነ፡ ባህላዊ ተዛምዶነት ከም ኣምር ምፍላጥን ምርዳእን ኣብ ዕለታዊ ህይወት ሕብረተሰባትን ውልቀ ሰባትን እናኣተግበርካ፡ ኣብ ዓለም ብሰላምን ምክብባርን ሓቢርካ ምንባር ምልክት ስልጣነን ንቕሓትን እዩ።

### ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:05 | ጸንበል ናጽነት ቆሮና : ኣምሓጀር ሓጋዘ |
| 12:30 | ዜና(ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ጸንበል ናጽነት፡ባልጭ : መንሱራ፡ባርካ፡ ገርሰት : ኣንገላ ፡ቃጨሮ |
| 13:30 | ዜና(ዓረብ) |
| 13:45 | ታሪኻ ዓሽር ዓሊግደር ዓዲ ዑመር እንዳሓይ ፋንኮ ሰቲሞ |
| 14:25 | ቀስተ ድሕነት |
| 14:50 | ፍረ ጻዕሪ |
| 15:20 | ህርመት |
| 16:30 | ማይ ዓይኒ፡ እምሃሚት፡ ገልዓሎ፡ |
| 17:00 | ዜና(ትግርኛ) |
| 17:15 | ድራማ |
| 17:30 | ዜና(ዓረብ) |
| 17:45 | መደብ ማእገር |
| 20:00 | ዜና(ትግረ) |
| 20:15 | መልሲ ኣብ ማሰመር |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ሕምብርቲ ብሸኻ፡ ቢንቢና ፎሮ |
| 22:00 | ዜና(ዓረብ) |
| 22:10 | ድራማ |
| 22:30 | ዜና(እንግሊዝ) |
| 22:40 | ፈንቅል E75 |

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ከሳሲ ናህም ዑቕባሚካኤል ዘርኡ፡ ተኸሳሲ ሰመረ ምስጉን ናይ ፈጸሚ ናይ ስም ምትሕልላፍ ክሲ ተመስሪቱልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን02/06/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ዕ/እኽሊ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር።

ከሳሲ መብራህቶም ገር ጉብረማርያም፡ ተኸሳሲ ምስጋና ሰዩም ጉብረሚካኤል፡ ወኪል ርቤል ገር ጉብረማርያም፡ ክሲ ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ፡ መልሲ ሒዝካ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን09/06/6 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ዕ/እኽሊ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር።

ወረ/ፍ ኣብቦ ሰዩም ሰለሞን 1. ኤደን ሓደሽ 2. ዓወት ሓደሽ፣ ተጸዋዕቲ ወረስቲ ኻፍ/ብርኻ ሰዩም 1. ሚካል ብርኻ 2. ምርያም ብርኻ 3. ሳብሪና ብርኻ ዘሎ ናይ ምቅሊት ውርሲ ጉዳይ፡ ተጸዋዕቲ ኣድራሻኹም ስለ ዘይተፈልጠ፡ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዕኩም ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን09/06/6 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ. 32 ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር።

ኣብ መንጎ ከሳሲ ኣቶ ኣማኑኤል ጉብረትንሳኤ ተኸሰስቲ ወረ/ሄ ኣድሓኖም ወልደኣብዝጊ ዝኾኑ 1. ቤተልሄም ኣድሓኖም 2. ሚካል ኣድሓኖም 3. ሄለን ኣድሓኖም 4. ቶማስ ኣድሓኖም ዘሎ ናይ ገዛዝብ ክርክር፡ ተኸሰስቲ ወረ/ሄ ኣድሓኖም ወልደኣብዝጊ 1ን2ን3ን4ን ኣድራሻኹም ስለ ዘይተፈልጠ፡ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዕኩም ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን23/06/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ቁ/41 ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ጓዕዳድ

ወ/ሮ ዘብሸ ጎሉ መለስ፡ ጓሊይ ዲናር መልኣከ ጊላሚካኤል ስለዝተሰወአት፡ ኣነ ምስ 7 ደቀይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/06/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ጻዕዳ ክርስትያን

ተወልደ ኣሰፋው ጸጋዩ፡ ኣቦሓጉይ ሃብተስላሴ ወልደጋብር ተኸለ ስለዝዓረፈ፡ ከምኡ'ውን ዓባይና ኣብርሀት ሰረቐ ዘወልዲ ስለዝዓረፋ፡ ኣነ ንወላዲተይ ብምትካእ ምስ 1ሓትነይ ሓደ ኣሕዋይን 6 ደቂ ሰወእ ኣሕዋይን ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/06/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዒላበርዕድ

ወ/ሮ ኣዳሸ ዓንደብርሃን ዘወልዱ፡ ሰብኣየይ ካብ 2007 ክሳብ ሕጂ ን20 ዓመት ደሃይ ስለ ዘይብሉ፡ ጓሊይ ከኣ መንነት ከተውጽእ ስለ ዝደለየት፡ ጥፉእ ተባሂሉ ይተኣወጀለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/06/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

---

ኣመልካቲ መሓመድሓሰስ ሕሸን ዑመረዲን+1 ኣብ ዞባ ማእከል ንኡስ ዞባ ማእከል ከተማ ዚፕ ኮድ 1A176 ጎደና ደቀምሓረ ቁጽሪ ገዛ 116-118 ፕሎት 30 ቁጽሪ ፓርሰል/ዞና ASP000029353 ፓርሰል 6Z ዝርከብ፡ ኣብ ሚኒስትሪ መሬት ማይን ኣከባብን ቤት ጽሕፈት ካዳስተር ብቑጽሪ መለለዩ ንብረት1፡ 008305 ብስምና ዝተመዝገበ ገዛና፡ ብቑጽሪ ገዛ 116 ዝኣቶ ብወገን ምዕራብ ዘሎ ክፋሉ ስለ ዝሸጥናዮ፡ ዋንነት ናብ ስም ዓዲጊ ከሲጋሮ ስለ ዝደለና፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳነ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ካዳስተርን ይቕረብ። ተቓውሞ እንተዘይቀሪቡ ግን ኦርጂናል ሰነዳትና ኣቕሪብና ጉዳይና ከፈጽም ምዃንና ንሕብር።

ኣቶ መሓመድሓሰስ ሕሸን ዑመረዲን

---

ኣብ ዞባ ማእከል ዓዲ ሰገዶ ፕሎት 12 ፓርሰል G ስፍሓት መሬት 250 ኮይኑ፡ 3 ቀንዲ ክፍልታት 2 ሓገዝቲ ክፍልታት ተሰሪሕዎ ዝርከብ ኣብ ሚ/ሪ መሬት፡ ማይን ኣከባብን ቤ/ጽ ካዳስተር በመለለዩ ቁጽሪ ንብረት 1፡011118 ናይ ዕለት 28/02/2017 ተመዝጊቡ ዋንነቱ ዝተረጋገጸ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ ወላዲተይ ወ/ሮ ሰብለወንጌል ሳምሶም የሴፍ፡ ብህያብ ስለዝሃበትኒ፡ ናብ ስመይ ከመሓላልፎ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ፡ ሕጊ ብዝፈቐዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳነ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤ/ጽ/ሃ/ካዳስተርን የቕርብ። ዝቃወም እንተዘየለ ግን ናብ ስመይ ከመሓላልፎ ምዃነይ እሕብር።

ወ/ሮ ናዝሬት ከርስ ቦኽሩ

---

## ን2ይ ግዜ ምልክታ ጨረታ

ኮርፖረሽን ተለኮሙኒከሽን ኤርትራ ናይ ብ.ማ (ኤሪተል) ንስራሕ ንግልገለን Computer; printer; photocopier; Scanner Fax ወዘተ. ኣብ ዝተበላሸዋ እዋን ክጽግኑ ዝኽእሉ ትካላት ስለዝደለየ፡ ዝ. ዝስዕብ ረቛሒታት ዘማልኡ ኣውዳዲሩ ክቖጽር ተጫረትቲ ይዕድም።

1. ተጫረትቲ ናይ 2025 ዓ/ም ዝተሓደሰ ፍቓድ ንግዲ ዘለዎም፡
2. ተጫረትቲ ዝርዝር ሓበሬታ ካብ ቤት ጽሕፈት ዕድጊ ኤሪተል (ከባቢ ፋብሪካ ኣልኮላዊ መስተ ኣስመራ) ቁጽሪ 3 ክወስዱ ይኽእሉ።
3. መኽበሪ ጨረታ 10.000.00 ናቕፋ (ዓሰርተ ሽሕ ናቕፋ) ብCPO ከትሕዙ ከምዘለዎም፡
4. ጨረታ ምልክታ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ን10 ተኸታታሊ ናይ ስራሕ መዓልታት ክፉት ኮይኑ ይጸንሕ።
5. ጨረታ ዝኽፈተሉ፡ ድሕሪ ምዕጻው ንጽባሒቱ ኣብ ዘሎ መዓልቲ ልክዕ ሰዓት 10፡00 ቅድሚ ቀትሪ ኣብ ማእከላይ ቤት-ጽሕፈት ጎደና ሰማእታት ቁጽሪ 11 ዝርከብ መኣከቢ ኣዳራሽ ተጫረትቲ ወይ ሕጋውያን ወከልቶም ኣብ ዝተረኽብሉ ይኽፈት።
6. ኤሪተል ዝሓሸ ኣማራጺ እንተረኺቡ፡ ዝ. ጨረታ ብኸፊል ወይ ብምሉእ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ኮርፖረሽን ተለኮሚኒከሽን ኤርትራ ናይ ብ.ማ.(ኤሪተል)

---


**ሓጋዚት መጽሓፍ**

**ንተመሃሮ 2ይ ደረጃ (ክፍልታት 9-12)**

**Comprehensive Mathematics**

**Grade 9-12**

- **Algebra**
- **Geometry**

ኣብ ውሽጢ 544 ገጻት ንኣልጀብራን ጂኦሜትሪን ሰፊሕን ዓሚቝን ሽፈነ እትህብ ዓባይን ብልጽግትን መጽሓፍ!!

**ትሕዝቶ መጽሓፍ**

- ✓ መግለጺ ኣምራት ኣልጀብራን ጂኦሜትሪን
- ✓ ብናህ ኣብነታት
- ✓ ስእላዊ መረዳእታታት
- ✓ መሃርቲ ሰሌዳታት
- ✓ ዝተዓየዩ ሕቶታትን ግድላትን
- ✓ ዝተፈትሑ ማትሪክ-መሰል ግድላት
- ✓ መዘንቲ መላመዲታት
- ✓ መልሲ መላመዲታት

**ኣብ ኣብያተ መሸጣ መጻሕፍቲ ትረኽብዋ**

**ንዝያዳ ሓበሬታ**

07142402 / 07461121


---

## ምስጋና



ብምኽንያት ሃንደበታዊ መስዋእቲ ኣፍቃሪን ነኽብርን ወድና፡ መበል 23 ዙር ሃ/ኣገልግሎት ፍቕረ ጉብራኤል ወልደሰላሴ፡ ኣብ መቓብር ሓርበኛታት ኣስመራ ዘቃበርኩምናን ኣብ ገዛና ብምምልላስን ካብ ውሽጥን ካብ ወጻኢን ሃገር ቴሌፎን ብምድዋልን ዘጸናናዕኩምናን ፈተውትን ቤተሰብን፡ የቐንየልና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘንና ከምዝገለጽና ንገልጽ።

ወለዱ ኮሎኔል ጉብራኤል ወልደሰላሴ
ሰስተር ኤልሳ ጉብረንገስ
ምስ ኣሕዋቱን ምሉእ ስድራቤትን

---

## ምስጋና



ብዕረፍቲ ኣፍቃሪ ክብርቲ ኣዴና ታብቱ ጉብረሚካኤል ግርሙ፡ ዝተሰመዓና ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ ግዜ ሕማማ ካብ ጎድና ዘይተፈለኹም፡ ክሳብ ሽኻኢያሞ ብምኻድ ዘቃበርኩምናን ኣብ ገዛና ብምምልላስን ካብ ውሽጥን ወጻእን ብቴሌፎንን ዘጸናናዕኩምናን ሕሰም ኣይትርከቡ የቐንየልና እናበልና ልባዊ ምስጋናና ነቕርብ።

ወዳ ኣማኑኤል ተስፋይ
ምስ ምሉኣት ስድራቤት

---

## ምስጋና



ክቡር ብዓል ቤተይ ጆ/ራ ሚካኤል ሰዩም ተፈሪ (ወዲ ግራዝማች) ዝተሰምዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ብሞት ምስ ተፈልየ ድማ ናብ ዓዲ ባሸኽር (ን/ዞባ ሰንዓፈ) ዘቃበርኩምና፡ ኣብ ገዛና ብምምልላስን ካብ ውሽጥን ወጻእን ብተሌፎንን ዘጸናናዕኩምና ቤተሰብ፡ ፈተውቲ፡ ኣዕሩኽ፡ የቐንየልና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘንና ንገልጽ።

ብዓልቲ ቤቱ ወ/ሮ ሊድያ በርሀ
ምስ ደቁን ምሉኣት ስድራቤትን

---

## ምስጋና



ብምኽንያት ሃንደበታዊ ሞት ፍትውቲ ጓልና፡ ሓብትና ኣዴና ወ/ሮ ኤልሳ ኣሃንያ ሰቋር ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ካብ ወጻኢ ሃገር ብቴሌፎን ዘጸናናዕኩምናን ኣብ ገዛና ብምምጻእን፡ ሬሳ ካብ ምውሳድ ጀሚርኩም ክሳብ ንኡስ ዞባ እምኒ ሓየሊ ዓዲ ኣብራሃም ብምኻድ ዘቃበርኩምናን ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ንኹሉኹም፡ ንገርዛብትን ፈተውትን ብጠቕላላ ምሉእ ቤተሰብ እናኣመስገንና ሓዘንና ከምዝገለጽና ብትሕትና ንሕብር።

ብዓል ቤታን ኣሕዋታን ደቃን
ምስ ምሉኣት ስድራቤት

---

ወ/ሮ ሚልየን ዘርሁን በርሀ፡ ዝተፈቕደለን ናይ መሸጢ ናውቲ ጽሕፈት ንግዳዊ ትካለን፡ "ኢዛና መሸጢ ናውቲ ጽሕፈት (EZANA STATIONERY) ተባሂሉ ክሰየመለን ስለ ዝሓተታ፡ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋብና ዝቃወም ኣካል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መኣገዲ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እዚ ናይ ንግዲ ስም ከምንምዝግቦ ነፍልጥ።

ክፍሊ ወሸጣዊ ንግዲ

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሰምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ጸገ ዓንደማ ወልዱ ምባል ተረፉ፡ ጸገ ክፍለ ሓጎስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ድባርዋ

ጸሃይነሽ ተስፋልደት ትኩእ፡ ብስም ብዓል ቤተይ ዝተረፈቐደ ናይ እንዳ ደርሆ ብዮግዲ ፍቓድ ቁ/DML00005421ብቁ/ DML0000451ዝተመዝገበ፡ ኣብ ምም// ዞባ ድባርዋ ኣብ ዓዲሽም ሃብቱ፡ ሰረንታ ተባሂሉ ዝፍለጥ ናይ እንዳ ደርሆ ትካል፡ ስም ምትሕልላፍ ክኸበረሉ ስለ ዝደለኹ፣ ተጻዋዕቲ ወረ/ፍ/ሄር ጉብረ ፍረ ኪዳነ 6 ኣድራሻኦም ስለ ዘይተፈልጠ ይጸውዑለይ ስለ ዝበለት፣ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን16/06/26 ኣብቤ/ፍ ቕረቡ።።

## ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዒላበርዕድ

ወ/ሮ ኣዳነሽ ዓንደብርሃን ዘወልዲ፡ ሰብኣየይ ካብ 2007 ክሳብ ሕጂ ን20 ዓመት ደሃይ ስለ ዘይብሉ፡ ጓለይ ከኣ መንነት ክተውጽእ ስለ ዝደለየት፡ ጥፉእ ተባሂሉ ይተኣወጀለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/06/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ሓጋዝ

ሰሚራ መሓመድሳልሕ መሓመድ ምባል ተረፉ፡ ሰሚራ መሓመድ ሳልሕ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/06/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ገለብ

ሓሊማ መሳመሓመድዓሊ፡ ምባል ተረፉ፡ ዳህራመሳ መ/ዓሊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን09/06/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ገጀረት ዞባ 3 ምም/ 07 ነበር ብቑ. ምስክር ወረቐት 111662 መወከሲ. ቁ 107038/140475 ተራ ገዛ 4 ቀንዲ ክፍሊ ሓደ ተሓጋጋዚ ክፍሊ ዝተደኮና፡ ብስም ወረስቲ ሽቃ ተኽለ ኢያሱ ወ/ሮ ብርሃፍ ጉብረእግዚኣብሄር ምስ 7 ደቆም ዝተመዝገበ ኦርጅናል ሊብሬቶ ናይ ገዛ ስለዝጠፍኣና፡ ረኺቦሞ ወይ’ውን ብዕዳ ሐዚዎ ዝብል እንተሃልዩ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ብቑ. ቴሌፎን 07936051/07149099 ደዊሉ ይርከበና። እንተዘይኮይኑ፡ ካብ ዝምልከቶ መተካእታ ክወሃበና ክሓትት ምኽንያት እሕብር።

ወረስቲ ሽቃ ተኽለ ኢያሱ ወ/ሮ ብርሃፍ
ጉብረእግዚኣብሄር ምስ 7 ደቆም
ወኪል ማሰፍን ኢያሱ

ማሕበር ዕጣን ኤርትራ ከረን፡ ዓመታዊ ኣኼባ ኣብ ከተማ ከረን ንሱብ ብርኪ ማሕበር ክካየድ ስለ ዝኾነ፡ ንዕለት 27 ሰነ 2026 ሰዓት 9፡00 ቅድሚ ቀትሪ ኣብቲ ኣኼባ ክትርከቡ ብትሕትና ንሓትት።

ማሕበር ዕጣን ኤርትራ ከረን

ኑቲ ኣብ ዞባ ማእከል ከተማ ኣስመራ ንኡስ ዞባ ቲራቮሎ ከባቢ ዊና ፕሎት 144 ፓርሰል “I” ከባቢ ዚፕ ኮድ 1A866 ጎደና 866-3 ቁጽሪ ገዛ– ዝርከብ ኣብ ሚኒስትሪ መሬትን ማይን ኣከባብን ቤት ጽሕፈት ካዳስተር ብመለለይ ቁጽሪ ንብረት 1BRASM004019/1 ብዕለት 07/07/2024 ዓ/ም ብስመይ ንዝተመዝገበ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ስለ ዝሸጥኩሎም፡ ናብ ስም ዓደግቲ ከመሓላልፎ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ወይ’ውን ይግባይ ተባሂሉ እንተኣይሩ ውሳነ ሐዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተርን ቤት ጽሕፈት ኖታሪን ይቕረብ። እንተዘይቀረቡ፡ ኦርጅናል ሰነዳተይ ብምሓዝ ጉዳየይ ክውድእ ምኽንያት እሕብር።

ወ/ሮ ሓረገወይኒ ኣስመሮም ገብረኣምላኽ

ኣብ ኣስመራ ምም/ን/ዞባ ጎዳይፍ ከባቢ ቀሓውታ ኣብ ዚፕ ኮድ 1A-713 ፕሎት 53 ፓርሰል H ጎደና 713-14 ቁ/ገዛ 76 ዝርከብ ኣብ 250 ት/ሜትር ዝተደኮነ 3 ቀንዲ ክፍሊ 01 ክሽነ 01 ዓይኒ ምድሪ ዘጠቓለለ፡ ኣብ ቤ/ጽ ካዳስተር ብቑ/ ምዝገባ ንብረት ብቑ. 1BRASM000109/1 ብዕለት 04/10/2023 ብስም ዘውዲ ገብረሚካኤል +37 ዝተመዝገበ ገዛ፡ ብዕለት 19-08-2025 ናብ ኣቶ ተኽለ ገ/ትንሳኤ ዝሸጥናዮ ስለ ዝኾነ፡ ስም ዋንነት ናብ ዓዳጊ ክነመሓላልፍ ስለ ዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ፡ ሕጊ ብዝኣዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መወዳእታ ውሳነ ሐዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓፕሊክ ኖታሪን ቤ/ጽ ካዳስተርን ይቕረብ። ተቓውሞ እንተዘይቀረበ ግን ጉዳይና ክፈጽም ምኽንያት እሕብር።

ወ/ሮ ዘውዲ ገብረሚካኤል ልብሰቃል

Bisha Mining Share Company
P.O. Box 4276
Asmara
Eritrea
Tel: (+291) 1124941
Fax: (+291) 1124941
www.bishamining.com

# VACANCY ANNOUNCEMENT

Bisha Mining Share Company is inviting applicants for the following positions

**1. 2 Position: Artisan Boilermaker**

**Department: Processing and Underground Operations**
**Section: Asheli Underground**
**Number required: One (01)**

**Primary Purpose**

- To safely install, maintain, repair, and fabricate industrial machinery and metal components, ensuring equipment operates safely, efficiently, and with minimal downtime. This role combines precision mechanical work with welding and fabrication skills to assemble, align, strengthen, and restore equipment in industrial environments.

**Essential Function**

- Fabricate and assemble metal components according to specifications
- Perform routine maintenance and inspections
- Train and mentor national operators to improve competency
- Ensure compliance with all safety, operational, and environmental procedures
- Maintaining tools and equipment in good working condition
- Documenting work completed and reporting issues.

**TASK DESCRIPTION EXPANDED TO CORE PERFORMANCE AREAS**

**Fabrication & Assembly**

- Read and interpret blueprints to determine project requirements
- Measure, cut, bend, and shape metal materials
- Assemble parts using welding and fastening techniques

**Installation & Maintenance**

- Perform preventive and corrective maintenance
- Diagnose faults and carry out repairs
- Inspect completed work to ensure compliance with specifications

**Equipment Operation and Care**

- Operate welding machines, cutting tools, and lifting equipment
- Maintain and service tools regularly

**Training and Mentorship**

- Provide hands-on training and coaching to national operators
- Support competency development and skills transfer
- Act as a role model in performance and behavior

**Communication and Coordination**

- Maintain clear communication with supervisors and team members
- Provide accurate feedback on production and equipment performance

**Unique requirements/other information**

- Candidate must be physically medically fit.
- Ability to work in physically demanding conditions (lifting heavy materials, working at heights or confined spaces)
- Exposure to heat, noise, and industrial environments
- Compliance with industry-specific regulations and standards.

continued on page 8

ምልክታ
ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

continued from page 7

| Qualifications: | Knowledge and Experience |
|---|---|
| • Grade 12<br>• Trade Certificate in Boiler making or equivalent (recognized technical/vocational qualification)<br>• Valid welding certifications (e.g., SMAW, MIG, TIG) are advantageous<br>• Previous experience working in an expat or developing workforce environment (preferred)<br>• Trainer/Assessor certification (advantageous for expat role). | • Minimum 5+ of relevant boiler making or metal fabrication experience<br>• Knowledge of workplace safety regulations and procedures<br>• Experience working in a multicultural or developing workforce environment<br>• Awareness of mechanical systems and equipment maintenance |
| **Technical Skills** | **Behavioral Skills** |
| • Welding (arc, MIG, TIG, gas welding)<br>• Cutting and shaping metals using tools (plasma cutters, oxy-acetylene torches)<br>• Assembly and installation of large metal structures<br>• Basic rigging and lifting techniques. | • Strong safety-first mindset<br>• Effective communication across language and cultural barriers<br>• High level of accountability and professionalism.<br>• Drive and enthusiasm<br>• Team-oriented with the ability to influence and coach others<br>• Proactive and solution-focused approach |

1. **Position: HME Drill Mechanic**

**Department: Mining**
**Section: HME-Maintenance**
**Number required: One (01)**

**Primary Purpose**

- You will be responsible as a Drill Maintenance Mechanic for the maintenance, repair, and troubleshooting of various types of mine drills used in mining operations. You will play a crucial role in ensuring minimal downtime of machinery and contribute to the efficiency and safety of our mining/construction projects. To execute all work according to BMSC safe work rules and procedures.

**Essential Function**

- Safety targets achieved, SOP requirement achieved
- Production Targets, availability, met (Costs maintained within budget)
- Local manpower development on the job and Health, Safety and Environment
- Reporting and Additional Duties.

**TASK DESCRIPTION EXPANDED TO CORE PERFORMANCE AREAS**

**Planning**

- Follows the "Planned Maintenance Schedule".

**Implementation of the Plan**

- Identify the highest priority for each day and focus on completing relevant tasks.
- Ensures good housekeeping.
- Carries out actual maintenance and repairs of Drill Rigs in an efficient and effective way to minimise downtime.
- Performs regular inspections to detect potential problems before they cause breakdowns.
- Minimises downtime by ensuring the best techniques are being used to repair breakdowns.
- Ensure safety requirements are fulfilled at the workplace, including leading Field Level Risk Assessment (FLRA) and proper use of the appropriate PPE. Report any safety issues/incidents.
- Comply with mine's cardinal rules and other safety, environmental or other rules and standards as directed. Identifies any hazards in the workplace.
- Conducts preventative maintenance on the Drill Rigs by checking engines; motors; pneumatics; hydraulic systems by following diagrams, sketches, operation manuals, manufacturer's instructions and engineering specifications. Troubleshooting malfunctions.
- Carries out "Fault finding" by using precision measuring and testing instruments.
- Removes defective parts by using hoists, cranes and hand and power tools. Examines form and texture of parts to determine causes of failure.
- Determines changes in dimensional requirements of parts by using rulers; callipers; micrometres; and other measuring instruments.
- Understands and is familiar with basic hydraulic systems.
- Attends technical and other training as required by supervisor.

**Writing Reports & Data Control**

- Compile daily; progress reports as requested
- Completion of job cards and works orders.

**Unique requirements/other information**

- Candidate must be physically medically fit

| Qualifications: | Knowledge and Experience |
|---|---|
| • Must have formal training as HD Mechanic and record of Blast Hole Drills experience.<br>• Must be a holder of his country vehicle license.<br>• Proven troubleshooting abilities and experience working with diagnostic tools will be advantageous.<br>• formal CAT drill training will be advantageous. | • Minimum 5 years relevant experience on blast hole drills on an open pit mine site<br>• Acceptable knowledge of mining site safety and work execution. |
| **Technical Skills** | **Behavioral Skills** |
| • Computer Literacy (MS Office – Intermediate)<br>• Must be able to read technical drawings and diagrams<br>• Must have hydraulic fault-finding training and Supervisory experience<br>• Mechanical & Electrical experience on blast hole drills<br>• Problem solving skill | • Communication (English)<br>• Assertiveness<br>• Interpersonal Relations<br>• Integrity and Prioritizing skills & multi-skilling<br>• Ability to work towards strict deadlines<br>• High level of accuracy and Discretion<br>• Self-motivation and Attention to detail<br>• Analytical skill and Problem-solving skill. |

**GeneralInformation and other requirements:**

- **Place of Work:** **Bisha.**
- **Salary:** **As per Company salary scale.**
- **Type of Contract:** **Indefinite**

**Additional requirements for Nationals:**

- **Having fulfilled his/her National Service obligation and provided evidence of release paper from the Ministry of Defense.**
- **Present clearance paper from current/last employer.**
- **Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card etc.).**
- **Only shortlisted applicants will be considered as potential candidates for an interview.**
- **Application documents will not be returned to sender.**
- **All applications should be sent through the post office.**
- **Deadline for application: 10 days from the day of publication in the Newspaper.**

**Address: Please mail your applications to:-**
**Bisha Mining Share Company,**
**P. O. Box 4276 Asmara, Eritrea**

**Note to Eritrean applicants:**
**Please send a copy of your application to:**

1. **Aliens Employment permits Affairs,**
   **P. O. Box 7940**
   **Asmara, Eritrea.**
2. **Mineral Resources Management**
   **P. O. Box 272 Asmara, Eritrea**

# ልቦናን ፍልስፍናን

ምሉእብርሃን ሃብተገብረኤል

*"እቲ ጸሃይት ዕዮ ዘይኮነ ኣገዛብ ኣሰራርሓና እዩ ዝምስስና።" - ሰቶ ሆልዝ*

*"ንኽልተ ነገራት ክትቈጻጸር ትኽእል ኢኻ፣ ንስኻ ምግባርን ስራሕካን ንኣመለኻኽታኻ ብዛዕባ ዝኾነ ነገር።" - ዲሊ ክሬገር*

## ጽፈት ስራሕ



ጽፈት ስራሕ ማለት ብዘውሓደ ግዜ ጻዕርን ጸጋታትን ዝበለጸ ወጽኢት ምርካብ እዩ። ንሓደ ስራሕ ብጽፈት ንምዕማም፡ ወጽኢትካ ብውሕዱ ማዕረ እቲ ዘውፈርካዮ ግዜን ጻዕርን ክኸውን ይግባእ።

ጽፈት ኣብ ቦታ ስራሕ፡ ኣብ ዓውዲ ዋጊን ወትሩ ወዑይ ኣርእስቲ ኮይኑ ኢኻ እትረኽቦ፡ እቲ ምንታይሲ፡ ግዜ እኮ ልዕሊ ገንዘብ እዩ፡ ካብ ትሕተ ቅርጺ ክሳብ ስራሕተኛታት፡ ኩባንያታት ካብ እቲ ዝገብርኦ ወፍሪ ዝበለጸ ወጽኢት ክረኽባ እየን ትጽቢት ዝገብራ። ንርዱእ ምኽንያት ድማ ጽፉፍ ቦታ ስራሕ ቀንዲ መፈላለዪ ማስመር ኣብ መንጎ ዓወትን ፍሽለትን እዩ።

ኣብ ስራሕካ ዘይምጽፋፍ ከቢድ ክሳራ ከስዕብ ይኽእል። ዘዩድሊ ምድንጓያት ብምፍጣር እውን ኣብ ዝምድናታት ዋጊንካ ከምኡ እውን ኣብ ህሉብነትካ ኣብ ሓደጋ ከውድቐካ ይኽእል እዩ።

ዋላ ዋጊንካ ጸቡቕ ከም ዝኸይድ ዘሎ ደሰማዕካ፡ ግድን ንጽፈት ስራሕካ ኣብ ምምሕያሽ ዕላማ ክህልወካ ኣለዎ። እተን ጽፉፋት ኩባንያታት ኣብ ቅድሚኣን ንዝጸንሐን ኩሉ ዕድላት ዕቤት፡ ፈጠራን ምህዞን ምሉእ ብምሉእ ክጥቀማሉ ዘይጉብርኦ ጻዕሪ የለን። ከም ወጽኢቱ፡ ኣብ ዕዳጋ ዝበለጸ ተወዳደርቲ ይኾና። ስራሕተኛታተን ከኣ ምስ ኣብ መላእ ዓለም ዘለዉ ስራሕተኛታት ተወዳደርቲ ይኾኑ።

ብመንጽሩ ቦታ ስራሕ እንተ ጋሕሚጡ፡ ከስዕቦ ዝኽእል ክሳራ ዘርዚርካ ዘውዳእ ኣይኮነን። ናይ ቀረባ ሓላፊኻ ጋሕማጥ እንተ ኾይኑ፡ ንስኻ ኣብ ስራሕካ ክትጸፍፍ ዘሎካ ዕድል ምሒር ጸቢብ እዩ። ንስኻ ምስኡ እንተ ተለኪምካ ድማ ኣብ ስራሕ ክስዕብ ዝኽእል ክሳራ ዋላ ንኽትግምቶ እዩ ዘጸግም።

ረብሓታት ጽፈት ስራሕ ዘርዚርካ ዘውዳእ ኣይኮነን። ገለ ንምጥቃስ ዝኣክል፡

* ዚያዳ ትዕወት።

* ዝሓሸ ጽልዋ ተሕድር።

* ኣብ ስራሕካ ዚያዳ ወፍሪ ክትገብርን ክትጽመድን ትድረኽ።

* ቅርዑይ ሚዛን ዝምድና ስራሕን ዕዮን ንኽህልወካ ይሕግዘካ።

* ኣብ ሞያኻ ዚያዳ ንኽትምዕበል ርሒብ ዕድል ይኸፍተልካ።

ጽፈት ስራሕ ኣብዚ ጥራይ ተደሪቱ ዝተርፍ ኣይኮነን። ኣብ ጉጅለኣዊ ስራሕ እውን ሓጋዚ እዩ። ጽፉፍ ማሰርሒ ጉጅለ፡

- ምትሕግጋዝን ምብህሃልን የማሓይሽ፡
- ፍርያምነት የዕብዩ፡
- ካብ ጸቕጢ፡ ጸንቃቕ ዓቕሚን ካልእን የላግል። ...

ጥቕሚ ጽፈት ስራሕ ዘይፈልጥ ሰብ እንተ ሃልዩ ምሒር ሒደት ስራሕተኛ ጥራይ እዩ ክኸውን ዝኽእል። ብዙሓት መጽናዕቲታት ከም ዘረጋገጽዎ ግዱ እቲ ዝበዝሐ ስራሕተኛ ኣብ መዓልቲ ትሕቲ ሰለስተ ሰዓታት ጥራይ እዩ ፍርያም ዝኸውን።

እሞኸ ደኣ እቲ ኹሉ ዓቕሚ ናበይ እዩ ዝኸይድ ዘሎ፧ ገለ ስራሕተኛ እኮ፡ ሓላፊኦ ኣብ ርእሱ ደው ኣሉ እንተ ዘይኣሰሪሕዎ፡ ሕልና ገይሩ ኣይሰርሕን እዩ። ገለ ስራሕተኛ እኮ፡ ስራሕ ክጅምርን ናብ እንዳ ሻሂ ከይዱ ክዘናጋዕን ሓደ እዩ ዝኸውን ዘሎ። ገለ ስራሕተኛ እኮ፡ ስራሕ ክወፍርን ምስ መዛኑኡ ኣብ ዕላል ክጽመድን ሓደ እዩ ዝኸውን።

ጽፈት ጉጅለኣዊ ዕዮ ዝሀሰዩሉ ማእለያ ዘይብሎም ጠንቅታት ኣለው። ንየም ጠንቂታት ምልላይ፡ ቀንዲ መፍትሒ ናይቲ ጸገም ምኻኑ ክንስሕቶ ኣይግባእን።

ጉጅለኻ ዝበዝሐ ግዜኡ ኣብ ምሕደራ ዘሕልፎ እንተ ኾይኑ፡ እዚ ካብ እቲ ቀዳማይ ሓላፍነቱ እዩ ዚያዳ ዘጠሰሮ። ንውሽጣዊ ማሰርሕ ጸቡቕ ገይርካ ናይ ምግምጋም ብቕዓትካ ክብ ከተብሎ እንተ ዘይክኢልካ፡ ንቕድሚት ገጽካ እትሕንበሉ ናህሪ እናተገናደበ እዩ ዝመጽእ።

ኣንፈትካ ዘይምንጻር ንጽፈት ስራሕ ምሒር የቋስሎ። ኣብ ሽቶኻ ንጹረ ዝኮድስካ እንተ ኾይኑ፡ ኣብ ስራሕካን ህይወትካን ማእለያ ዘይብሎም ምድንጋራት እዩም ዘጋጥሙኻ።

እዚ ናብ ብዙሕ ኣሉታዊ ነገራት የምርሓካ፡ ኣብ ስራሕካ ዘይተደልየ ምድንጓያት ትፈጥር። ኑቲ ባዕልኻ ዝተሰማማዕካሉ ገደብ ግዜ ከተታኣኻኽሎ ወይ ክትዓምሞ ኣይትኽእልን። ኑቲ ዝፈጸምካዮ ጌጋ ክትእርም ክትብል ከኣ ናብ ዘይተደልየ ካልእ ጸገም ኢኻ እትወድቕ።

ብተመሳሳሊ፡ ብርክት ዝበሉ ተራጻምቲ ቀዳምነታት ናብ ድኹም ምሕደራ ግዜን ጸጋታትን ክመርሑኻ ይኽእሉ እዮም። ከም ሳዕቤኑ፡ ንፍርያምነትካ ብኣሉታ ከም ዝጸልዎ ርዱእ እዩ።

ምሒር ቀይድታት (restrictions) ምብዛሕ እውን ንጽፈት ስራሕ የቋስሎ እዩ። ኣብኡ ጉጅለኻ ውሳኔ ክወስዱን ግዜኦም ብጽፈት ከማሓድሩን እኹል ናጽነት እንተ ደኣ ዘይብሎም ኮይኑ፡ ጽፈት ስራሕ ይበድል እዩ። ማእለያ ዘይብሎም ቀይድታት ንፈጠራውነትን ምሕያሻን ምሒር እዩም ዘናኽምምዎም። ከም ሳዕቤኑ፡ እቲ ጉጅለ ድርኺት ዝጐድሎን ጭሙቑን ክኸውን ልዑል ተኽእሎ ኣሎ።

ጉጅለኻ ዋላ ጸቡቕ ናይ ስራሕ ተበግሶ እንተ ሃለዎ፡ ኣገደስቲ መሳርሒታት እንተ ደኣ ዘይብሉ ኮይኑ፡ ጽፉፍ ስራሕ ከበርክት ትጽቢት ኣይግበረሉን እዩ። ጉጅለኻ ምስ ብርክት ዝበሉ መሻርኽቲ፡ መሳርሒት፡ ፕሮጀክትታት ዝሰርሕ እንተ ደኣ ኮይኑ፡ ዲጂታላውያን መሳርሒታት ኑቲ ስራሕ ኣብ ምጽፋፍን ምዕማምን ሓገዝቲ ምኻኖም ኣብ ግምት ክኣቱ ይግባእ።

ጸቕጢ፡ ሻቕሎት ወይ ጸገም ኣደኻህሮ ምግባር ንዝኾነ ኣባል ጉጅለኻ ብኣሉታ ክጸልዎ ይኽእል እዩ። ከም ሳዕቤኑ፡ ኣብ ቦታ ስራሕ ዘይጽፈት ክኽሰት ይኽእል። እዚም ብድሆታት ብሰሪ ኣብ ስራሕ ዝፍጸሙ ጉዳያት - ከም እቶም ኣብ ላዕሊ እተጠቕሱ ወይ ካብ ናትካ ቁጽጽር ወጻኢ ብዝኾኑ ክኽሰቱ ይኽእሉ።

ንፉዕ ኣኪያዲ ስራሕ ንውልቃዊ ህይወት ኣባላቱ ከይተረረፈ ብዝምባእ ክፈልጥ ይኽእል እዩ። ከምኡ ዝገብረሉ ምኽንያት፡ ኣባላቱ ኣብ ጭንቀት ኣብ ዝወድቁሉ ግዜ፡ ከቢድ ክሳራ ከየስዕቡ ስክፍታ ስለ ዘሎዎ ክኸውን ይኽእል እዩ። ኣብ ውልቃዊ ህይወቱ ሰላም ዘይብሉ ስራሕተኛ፡ ምስ መሳርሕቱን ኣሰራሕቱን ሰላም ክንብር ብዙሕ ትጽቢት ኣይግበረሉን እዩ።

## ስራሕን ፍርሕን

ጽፉፍ ስራሕ ከበርክት ዘይደሊ ሰብ እንተ ሃልዩ ምሒር ሒደት እዩ ክኸውን ዝኽእል። ስራሕ ክብረት ምኻኑ ብዙሕ ግዜ ተደጋጊሙ ተዘሪቡሉን ተጻሒፉሉን እዩ። ብዘይስራሕ ክብረት ጥራይ ዘይኮነ ህይወት ክህሉ እውን ምሒር ኣጸጋሚ እዩ።

ገለ ሰባት ኣብ ስራሕ ዘይዕወቱሉ ምኽንያት፡ ምሒር ፍርሒ ስለ ዘለዎም እዮም። ጠንቂ ፍርሖም ከይፈሸሉ ሰግኣት ስለ ዘለዎም ክኸውን ይኽእል እዩ። እቶም ተጣዩት ሰባት ንፍሽለት ኩቶ ኣይፈርሕዎን እዮም። ብድሕሪ ፍሽለት ምልክት ስራሕ ክጥረ ከም ዝኽእል ኣዳዕዲዮም ይፈልጥዎ እዮም።

ፍርሒ እኮ ምሉእ ብምሉእ ሕማቕ ኣይኮነን። ሕማቕ ዝኸውን ኣጋጣሚ ግዳ ኣሎ። ሰብ ኣብ ዘይምልከቶን ኣብ ዘይግዜኡን ብፍርሒ ክውሓጥ እንከሎ፡ ንርዱእ ምኽንያት ንጥዕናኡ ይኹን ንስራሑ ጸቡቕ ክኸውን ኣይክእልን እዩ።


መብዛሕትኡ ሰብ ሓድሽ ስጉምቲ ክወስድ ክጅምር እንከሎ፡ ብውሽጡ ፍርሒ ክወርሮ እንከሎ ይፍለጦ እዩ። ገለ ሊቃውንቲ፡ "ሓድሽ ስጉምቲ ክትወስድ እንከለኻ ፍርሒ እንተ ደኣ ዘይተሰሚዑካ፡ እቲ እትወስዶ ዘለኻ ስጉምቲ እምብዛ ዕቱብ ኣይኮነን ማለት እዩ።" ብዝብል እዮም።

ፍርሒ ብሰሩ ሕማቕ ነገር ኣይኮነን። ክንዲ ዝኾነ ንፍርሕኻ ከተውግድ ኢልካ እትዛልሎ ምኽንያት የብልካን። ብመንጽሩ'ኳ ደኣ፡ ባዕልኻ ክትእልሾን ክትጭቡጦን ዘለካ ነገር እዩ። ግደ ሓቂ፡ ፍርሒ ናብ ቅኑዕ ኣንፈት ትግዕዞ ከም ዘለኻ እቲ ዝበለጸ ምልክት ክኸውን ይኽእል እዩ።

ኣብ ስራሕ ዓለም ኣብ እትዋፈረሉ እዋን፡ ፍርሒ እንተ ደኣ ዘይስመዓካ ኮይኑ፡ ንዓኻ ዝምእምኣካ ቀሊል ስራሕ ጥራይ ትሰርሕ ምህላውካ መረጋገጺ ክኸውን ይኽእል እዩ። ኣብ እቲ ሕጂ ዝምእምኣካ ስራሕ ከም ቀደምካ ትሰርሕ እንተ ደኣ ሃሊኻ፡ እቲ እትረኽቦ ወጽኢት ከም ናይ ቀደምካ ጥራይ እዩ ክኸውን ዝኽእል። ኣብ ስራሕካ ዝኾነ ምምሕያሽ ወይ ዕቤት ዘይትገብር እንተ ሃሊኻ ድማ፡ ናብ ምስልካይን ጽልኣት ስራሕን ከም ዝምርሓካ ፍሉጥ ነገር እዩ።

እቲ ምሒር ከፍርሓካ ዘለዎ እምበኣር፡ ዋላ ሓንቲ ፍርሒ ዘይስምዓካ እንተ ሃልዩ እዩ።

ንምኻኑ ፍርሒ እንታይ እዩ፧ ህላወ ፍርሒ ክረጋገጽ ይኽእልዶ፧ ፍርሒ ክዉንታዊ ድዩ፧ ንክዉንነት ፍርሒ ከተረጋግጾ እትኽእል፡ ክትምክሮ እንከለኻ እዩ። መብዛሕትኡ ግዜ እቲ ህላወኡ ዘይተረጋገጸ እዩ ዘፍርሓና።



ገለ ሰባት፡ "ፍርሒ ማለት ናይ ሓሶት ፍጻመታት ናይ ብሓቂ ክመስሉ እንከለዉ ዝኽሰት እዩ።" ብማለት ክትርጉምዎ ይፍትኑ። እዚ ኣገላልጻ ገለ ሓቅነት ኣይሰኣኖን እዩ።

ፍርሒ መብዛሕትኡ ግዜ ብስምዒት እዩ ዝቶኳቶኽ። ብውድዓዊ ኣተሓሳስባ ዝበጽሖ ኣጋጣሚ ሳሕቲ እዩ። ወዮ ብስምዒት ጥራይ ዝቶኳቶኽ ፍርሒ፡ ዝኾነ ዓይነት ጉስጓስ ኣብ ስራሕካ ከይትገብር ሓሊኹ እዩ ዝሕዞ።

ገለ ሰባት ንስምዒቶም ክብሪ ኣይሀቡን እዮም። ክፈሽሉ እንክለዉ ጥራይ እዮም፡ ንስምዒቶም ዘላግቡሉ።

ብሕልፊ ንፍርሕና ኣብ ዝጉብኡን ዘይግብኡን እናእተና፡ ልዕሊ ዓቕሙ ክንመጥጦ ኣይግባእን። ኣብ ፍርሒ ዘለና ርድኣት፡ ጸቡቕ ገይርና ክንክልሶ ተመሪጺ እዩ። ብፍርሒ ኣባቢብና ስራሕና ደው ክንበል ወይ ክንዘልቕ ግቡእ ኣይኮነን።

ኣብ ግዜ ህጻንነትና ብዛዕባ ፍርሒ ጸቡቕ ርድኢት ክህልወና ትጽቢት ኣይግበረልናን እዩ። እቲ ምንታይሲ፡ ብዛዕባ እንታይ ክንፈርሕ ከም ዘሎናን ዘይብልናን ዝምህሩና መብዛሕትኡ ግዜ ወለድና እዮም። ኣብ እዚ መዳይ፡ መተዓብይትናን መማህራንናን ዘሎዎም እጃም እውን ብዘኾነ መለክዒ ኣቃሊልካ ዝርአ ኣይኮነን።

ኣብ ግዜ ህጻንነትካ ፍርሒ ጸለም ሕብሪ ዘስርጹልካ፡ ቀደም ቀዳደም ወለድኻ እዮም። ሰይጣን ጸለም ምኻኑ ቀዲሙ መን እዩ ነጊሩኻ፧ ጸለም ክዳን መግለጺ ሓዘን ምኻኑ፡ ንፈለማ ግዜ ኣበይ ርኢኻዮ፧

ፍትወት ጻዕዳ ወይ ቀይሕ ሕብሪ ዘስርጹልካ እውን ወለድኻ እዮም። ወለድኻ ንቐይሕ ሰብ ከም መልክዐኛ ገይሮም ዝቚጽሩ ወይ ዝገልጹ እንተ ኾይኖም፡ ንስኻ ተመሳሳሊ ርድኢት ሒዝካ ክትዓቢ ትኽእል ኢኻ።

ወለድኻ ፍቅሪ ኣኻልብን ደማሙን እንተ ደኣ ሃልዩዎም፡ ንስኻ ድሙ ወይ ከልቢ ርኢኻ ክትብህርር ትጽቢት ኣይግበረልካን እዩ። እቲ ምንታይሲ፡ ኑቲ ካብ ግዜ ህጻንነትካ ዝተለማመድካዮ፡ ዚያዳ እናፍቀርካዮ ኢኻ እትዓቢ።

ገለ ሰባት ዓይኒ ሰብ ዘይክእሉ ኣለው። ዘይፈልጥዎ ሰብ ክርእዩ እንከለው፡ ብፍርሕን ሕንከትን ዝኣክል ኣብ ጸፍሮም ክኣትዉ ይደልዩ። እቲ ፍርሒ ወይ ሕንከት ሰብ ዘለዎ ስራሕተኛ፡ ምስ ዓማዊሉ ብቐጥታ እሂን ምሂን ክበሃሃል ኣይክእልን እዩ። ገለ ሰብ ከኣ፡ ንሓለፍቱ እምባሪ ማጠን ዝፈርሖ ኣሎ። ከም እዚ ዓይነት ሰብ፡ ካብ ሓላፊኡ ግቡእ መምርሒ ወሲዱ ብዝግቡእ ክተግብር ኣይክእልን እዩ።

ምሒር ፍርሒ ዘለዎ ሰብ እኹል ርእሰ ተኣማንነት ክህልዎ ትጽቢት ኣይግበረሉን እዩ። ክንዲ ዝኾኑ ናቱ ዋጊን ክውንን ትብዖት ይውሕዶ። ፈራሕ ሰብ ምስ ሰብ ተጻጊዑ ክሰርሕ እዩ ዝመርጽ።

እቶም ልዑል ርእሰ ተኣማንነት ዘለዎም ሰባት፡ ካልኦት ሰባት ዘይፈተንዎ ነገር ክፍትኑ እዮም ህርዲግ ዝብሉ። ብኸምዚ መንገዲ ጥራይ ኢኻ እምበኣር፡ ንዝእ ርእስኻ ብዮዝኡ ንዓለም ከተሳልያን ኣብ መንገዲ ዓወት ክትሕንብበን እትኽእል።

እቲ ኣብ ዋጊን እተዋፈረ ሰብ ካብ ፍርሒ ምሉእ ብምሉእ ሓራ ክኸውን ምሒር ኣጸጋሚ እዩ። ዋጊን ናብ ዕዳጋ እዩ ዝመርሓካ፡ ኣብ ዕዳጋ ድማ ዝተፈላለየ ባህሪ ዘለዎም ሰባት እዮም ዝጽንሑኻ። ክንዲ ዝኾኑ ብኸመይ ኑየም ዝተፈላለዩ ባህርያት ተጻዊርካ ፍርያትካ ትሽይጥ ጥበብ ይሓትት።


*"ንፍርሒ ተግባር እምበር፡ ኣተሓሳስባ ኣየወግዶን እዩ።" - ክለመንት ስቶን*

*"ኑቲ እትፈርሖ ስራሓዮ፣ እሞ ፍርሕኻ ክቐንጠጥ እዩ።" - ደቪድ ሸዋርዝ*

ይቕጽል




# ዳየሪ




ሱራፌል ተስፋብሩኽ
surafealtesfabruk@gmail.com

## ዝኽሪ ቅነ ናጽነት

## ስርሒት ካስካምያ

ምስ ምዕባይ ሓወይ፡ ከም ወትሩ ናብ ቤት ትምህርቲ ነቐልና። ክልተና ኣብ ሓደ መባእታ ቤት ትምህርቲ፡ ኣስላምያ ወይ ዓብደላ ጎናፍር፡ ኢና ንምሃር ነይርና። ቤት ትምህርትና ካብ ገዛና ርሑቕ ኣይነበረን፣ ትምህርቲ ሸው ይፍልም ስለ ዝነበርኩ ጥራይ ዘይኰነ ንእሽቶ'ውን ስለ ዝነበረኩ፡ ሒዙኑ ክኸይድ ግን ግዲ ነበረ። ዝበዝሐ እዋን በቲ ቀንዲ ጽርግያ (ቅጥራን) ገዲፍና በቲ ናይ ሓመድ ጉደና ኢና እንኸይድ። በቲ ዓቢ ካንሸሎ ቤት ትምህርትና ክንኣቱ ሜዳ ሰንጢቕና ኣብ ኣፍደገ ቤት ትምህርትና በጻሕና። ውሑዳት ተመሃሮ በብኽልተ በብሰለስተ ዓጉጎም ጉርምሪም ክብሉ ጸንሑና። ርእስና ኣእቲና ቀልቀል እንተ በልና፡ ወተሃደራት ኢትዮጵያ፡ ፋሕ ኢሎም፡ ምርኩስ ዝመስል ኣብ ታሕቲ ጸፊሕ ሓጺን ሒዞም ኩለል ይብሉ። መማህርትና፡ "ተመለሱ፡" ምስ በሉና ተመለስና። ሸው ዝኾነ ፈለጥና።

ቤት ትምህርትና፡ ገለ ኣትዩዋ ሓዲሩ። ኣብቲ ናይ ዳይረክተር ኦፊስን ካልእን ብዙሕ ጽሑፋት ናይ ሻዕብያ ተጠቂዑ፣ ፈንጂ ኣብ ማእከል ቤት ትምህርቲ ተገይሩ፣



ከምቲ ገዛ እንዳ'ቦይ ዕቑቢት፡ ገለ-መለ...፣ ብዙሕ ሕኪያ እዩ። "ተደሊኹም ንዑ ርኣዩዎ፡" ኢሎም ናብቲ ማፋ ናይቲ ካንሸሎ ቤት ትምህርትና እናመልከቱ ቀዲሞም ተደበሩ። ድብር ኢልና እንተ ርኣና፡ ላማ፡ ርሳስ፡ ቦምባ ኤፍዋን (ፈንጂ ንብሎ ዝነበርና) ጸንሓና። በቲ ኲነታት ፈራሕኩ። ምዕባይ ሓወይ፡ ናይ ነገር ዓቢ ኢዱ ሰዲዱ ነታ ርሳስ ክስሕባ ሓሲቡ። ኣነ ወጨጨ ንስድራና ክነግር ምኽኒየይ ኣወጅኩ፣ መማህርትና'ውን ደገፉኒ። ከም ርሳስ፡ ከም ቢሮ፡ ከም መደምሰስ ዝመስል ፈንጂ ከም ዘሎ ይዕለል ነይሩ'ዩ። መወዳእታኡ፡ ወተሃደራት ኢትዮጵያ፡ ቤት ትምህርትና ፈንጂ ከይህሉ ፈቲሾም ነጻ ምህላዉ ኣርጋጊጾም ወጽኡ። ኵሉና ከኣ ናብ ስሩዕ ትምህርትና ኣተና።

እዚ ዝኽሪ ከም ዘለዎ ብጥረኡ ሒዘዮ ዓበኹ። ሓደ መዓልቲ'ውን ትኹን፡ ሓሲበ ብመልክዕ ሕቶ ኣቐሚጠዮ ኣይፈልጥን ነበርኩ። ኣብዚ ቀረባ ዓመታት፡ ኣብ ገዛና፡ ኣብ ወግዑ ቡን ስድራ ምልእቲ ከቢብና ነውግዕ ነበርና። ዕላልና ናይ ቍልዕነትና ዝኽርታት ዝተኽተኸ እዩ። እዛ ናይ ቤት ትምህርትና ኣጋጣሚ ዘኪረ ኣዕለልኩዎም። ምዕባይ ሓወይ ብስሓቕ ክርትም በለ።

"ኢሂ'ታ! እንታይ ዘስሕቕ ኣሎዎ፧" በልኩዎ።

"ኣታ ንሱ ብዓል እከለ እከለ (ኵሎም መሳቶኡ ተመሃሮ መባእታ ዝነበሩ) እንድዮም ገይሮሞ። እቲ ዝጣዕ ስቕ ኢሎም ጽሒፎም ጠቂዖሞ። ፈንጂ ደኣ ካበይከ ከምጽኡ፧ ሻዕብያኸ ከመይ ገይረ ኣብ ቤት ትምህርቲ ከምኡ ክትገብር ኢልካ ትሓስብ፧"

"ሸዑ'ሞ ከመይ ኢለ ከምኡ ክሓስብ፧ በቲ ማፋ ካንሸሎ ቤት ትምህርትና ቦምባ፡ ርሳስ፡ ላማ ገለ ነይሩ እንተ ዘኪርካዮ፧"

"እወ። እቲ ቦምባ ኤፍዋን፡ ውሽጣዊ ክፋሉ ዘይነበሮ ጓንጓ እንዳኣሉ ነይሩ። ካብቲ መኽዘን ጥቓ ኣስላምያ ዝነበረ ኣምጺኦም። እቲ ላማ፡ ርሳስን ቢሮን ገለን ከእ ከምኡ ስለ ዝብሃል ገይሮሞ እምበር ንሳቶምሲ ኣይናይ ኢሎሞ ኢልካዮ፡ " ምስ በለ ኵሉና ሰሓቕና። "ስርሒት ኣስላምያ" ኢልና ስም ሃብናያ።

እቲ ኣጋጣሚ ከም መስሓቕ ጥራይ ኣይወሰድኩዎን። ተመሃሮ መባእታ እንከለዉ፡ ድሮ ስርሒት ፈሊጦምሲ፡ ንገለ ሰዓታት ንሃንደሳ ኣብቲ ከባቢ ናይ ዝነበረ ሰራዊት ኢትዮጵያ ኣንቀሳቒሶምን ኣብ ተወሳኺ ስራሕ ጸሚዶምን። ብዓቕሞምሲ ነቲ ከም ፊልም ዝስኣሎም ዝነበረ ዝሰምዕዎ ሕክያታት ብተግባር'ዮም ዝደግሙዎ ዝነበሩ። ኣብ ሃገርና፡ ኣብ እዋን መግዛእቲ፡ ክንደይ ከምዚ ዝበለ ናይ ቈልዑ ስርሒታት ነይሩ ይኸውን፧

ሰሉስ - 12 ግንቦት 2026
04 : 30 ድ.ቐ. - እንዳ ሓትነይ

## ስልማት ኣውገት

ቅነ ናጽነት ክኸውን እንከሎ፡ ዝዓረበ ሕልናኣ'ዩ ዝነቅሕ። ካበይ ተምጽኦ ኣይፈልጥን ገለ ዓይነት ሓይሊ'ዩ ዝዝርኣ። ኵሉ ሳዕ ተደንቕኒ። መንፈሳ ዝኸፍት ገለ ሓይሊ ኣሎዎ። ሰብ መተንስኢኡ፡ መንቀሒኡ፡ መቸም ብግስ ዘብሎ ምኽንያት ነናቱ ኣሎዎ። ናይ ሓትነይ ንልዕሊ ቅነ ናጽነት ዘነቓቕሓ ዋላ ሓደ የለን።

"ኣዕልልኒሰኪ፡ ኣብ ክሳታይ ከለኹም...፡" ኢሉ ካልእ ግዜ ከተዕልለኒ ዝትኾትኽ ጉዳያት፡ ኣብ ከምዚ ወቕቲ ባዕላ ከተላዕሎ ይብርሃ። ናይ ነገር ሕንቃቕ፡ ኣነ ከኣ "ልምን ከሪመን ሓግየንሲ ሕጂ ትነግርኒ፣ እምቢ ኣይሰምዕን፡" እብላ ነይረ። ሕጂ ግን ክሰምዓ እንደሊ'የ። መቸም ሕብረተሰብና ዘጋንን፡ ዘተዓባቢ ኣይፈቱን እዩ። ትሑት ሰብ ክብሪ ንህቦ ኢና፣ ብዓል ሓንትነይ ግን፡ ነቲ ውዕለተን ትዕብ ትንኣስ "እዚ ደኣ ኣየናይ ኰይኑ፡" ክብላ፡ ነቲ ኣየናይ ክብሃል ዘይክኣል ሓቍፎናኣ ይሓድራ ኣለዋ።

ሓትነይ፡ ክዳና ብዝተቐልዐ ክፋል ነብሳ፡ በሰላን ጉድጓድን ግድን ኢኻ እትርኢ። በብሓደ "እዚኣ ደኣ ናይ ምንታይ እያ፧" ክብላ እንከለኹ፡ "ኣብ ክስታይ ዝተሰለምኩዋ፡" እናበለት ኣብ እዋን ብረታዊ ቃልሲ ዝኸደቶ ከባቢታት ሃገርና ትነግረኒ። ኪንዮ ክሓታ ኣይትፈቱን። ሓንሳእ ኣቀባጢራ፡ እንሓንሳእ ከኣ ኣፈራሪሓ ተርሕቐኒ። ኣብ ቍልዕነተይ ኣነ ክፈልጦ ዘይትደልዮ ዛንታ ዘሎዋ ይመስለኒ ነይሩ። ልቢ እናቛጸርኩ ምስ መጻእኩ ግን ብቐሊል ዘይዕለል፡ ዝኽሩ ብቐሊል ንቑሕ ክፋል ኣእምሮኣ ከተምጽኦ ዘሸግራ ዝኽርታት ክህሉ ከም ዝኽእል እግምት።

ኣብዚ ዓመት፡ ሓትነይን ኣይግድን። ተበራራዩ ሕማም ኣዳኺሙዋ ጸኒሑ። ሕጂ ሓይላ ዋላ ደኣ ትመልስ ትሃሉ፡ ከም ቀደማ ሰዋኣ ጸሚቓ፡ ሕሩዳ ሓሪዳ እተሕልፎ እንኮ ዝክራ ከመይ ኢላ ከተሕልፎ ግዲ የጨንቓ ሃልዩ ዝሒላትኒ። ኣነ ከኣ ነብሰይ ነጊሩኒ ምሉእ ቅነ ናጽነት ክሳዕ ዝሓልፍ ምስኣ ክቕንን ውራያ ባዕለይ



ክገብረላን'የ መጺኣያ።

ቡን እናስተኹዋ እንከለኹ፡ ኣብ ቅልጽመይ ሓው ንዳድ ርእያ ሰንቢዳ፡ "ታይ ረኺቡኪ'ቲ፧" በለትኒ።

"እዚ፡ ድሓን'ዩ፣ ኣብ ኣውገት ዝተሰለምኩዎ'ዩ፡" ኢለ ኣብ ቅድመይ ዝነበረ ባዴላ ኣመልከትኩላ። ክርትም ኢላ ስሒቓ። ካብ ዝመጽእ ንፈለማ ግዜኣ ስሒቓ። "ኣውገት'ኳ ነይወሓደ!" እናበለት ጸጺሒላ ትስሕቕ ኣላ። ኣውገት እንተ ተላዒሉ ክልተ ጫፋት ናይ ስምዒት ኢኻ ትርእየላ። እዛ ናይ ሎሚ ነቲ ናይ ሓጐስ ጥርዚ ትትንክፍ ምኽና ዕድል ገይረ። ግርም መወልዒታ ረኺበያ እንከለኹ ብዛዕባ ኣውገት ክሓታ መዲበ ኣለኹ።

ብሌን ግርማይ

## ኣሜን

ረቡዕ - 20 ግንቦት 2026

ሰባት ምኽንያት ገይሮም መዓልቲ ምትሕቝቛፍ፡ መዓልቲ ምሕዝነት፡ እናኣብዓሉ ክሳዕ ሎሚ ዘይመረቐኩኺ ኣይትቀየምኒ።

ድሕሪ ሎሚ ግን ነፍሲወከፍ መዓልቲ መዓልቲ እያ'ሞ ኣሜን ምባል ኣይትሕመቒም፣ ሓዚ በሊ!

ፍቕርን ሰላምን ንኣኺ!

ዓወትን ዕብየትን ንኣኺ!

ኮታ ዝበለጸን ዝመቀረን ንኣኺ!...

ብልክዕ ትርጉማ ይኹነለይ'ሞ ኣሜን በሊ ነብሰይ!

ሩት ኪሰሪ (ሳማራ)



## መላኢ ጎደሎይ



ግንቦት 2026

ብመጀመርታ ካብቲ ናይ ፍቕሪ ግዝኣትካ ዝኾነ ልበይ ዝነቐለ ሰላምታ ይብጻሕካ። እዚ ገጢምና ዘሎ መሰናኽል፡ ነቲ ኣብ መንጎና ዝተሰረተን ዝተሃነጸን ፍቕሪ ይትረፍሲ ክነቕሎ፡ ከነቓንቐ'ውን ከም ዘይክእል ከረጋግጸልካ እፈቱ። ስድራይ ክቕበሉኻ ዘይምኽኣሎም፡ ናይ ምስትውዓሎም ጉድለት ደኣ'ምበር ከምቲ ዝበሉዎ ብዓቕሚ ቍጠባን ደረጃ መነባብሮን ስለ ዘይትምጥነኒ ኣይኮነን።

ኣብዚ ጉዳይ ዘይተረድኦም ነገር እንተ ደኣ ሃልዩ፡ ወዲ ሰብ ከምቲ ጥራዩ ዝተወልደ ጥራዩ ከም ዝመውት እዩ። እቲ ደረጃን ዓቕምን ዝበሉዎ ምስኦም ከም ዘይተወልደን ከም ዘይማልኡዎን እንተ ዝዝክሩን ክንደይ ጽቡቕ ነይሩ። ሰፍሓት ልቦናኻን ዕምቈት ኣተሓሳስባኻን እንተ ዘስተብህሉሉ ግን ነቲ ዘሎዎም በራሲ ንዋታዊ ሃብቲ፡ ከንቱ ምኻኑ ምስ ተገንዘቡዎ። እቲ ምንታይሲ ወዲ ሰብ ምስ ዘሎዎ ነገራዊ ሃብቲ ዘይኰነ፡ ምስ ዘውንዮ ኣተሓሳስባን ሰብኣውነትን ስለ ዝነብር፡ እቲ ካብ ሓደ ስጋ ክልተ ኣካል ዝፈጠረ ፈጣሪ፡ ንኽልተኦም ካብ ሕድሕድ ከየንኣሰን ከየብለጸን ንኽመላልኡ'ዩ ዝፈጠሮም። ነዞም ክልተ ኣብ ሓደ ክጥርንፎም ከሎ'ውን ብተመሳሳሊ ዕላማ'ዩ።


ስለዚ፡ ንስኻ መላኢ ጎደሎይ ኢኻ'ሞ ንዘልኣለም ኣብ ጉድንኻ ብምኻን በቲ ውህበት ፈጣሪ ዝኾነ ቅዱስ ፍቕርና ቃል እኣትወልካ። ስድራይ ድማ እዚ ነገር እንተ ተረዲኡዎም ጽቡቕ፣ ካብኡ ዝተረፈ ግን ካባኻ ዝፈልየኒ ሓይሊ የለን። ኣይክህሉን ድማ'ዩ።

ፍርቱና ተኣምራት!

# ዜና ዓለም

ሸዊት ተኽለ

## ኢራን፡ ምስ ኣመሪካ ዝጀመረቶ ዘርርብ ኣቋሪጻቶ



ኢራን፡ ነቲ ኣብ ልዕሊ ሊባኖስ ዝቐጸለ ዘሎ መጥቃዕቲ እስራኤል ከም ምኽንያት ብምጥቃስ፡ ምስ ኣመሪካ ተካይዶ ዝነበረት ዘርርብ ደው ከም ዘበለቶ ኣፍሊጣ፡፡

ኢራን ኣብ ዘፍለጠቶ፡ እስራኤል፡ ዕጡቕ ጉጅለ ሕዝቦላህ ዝጥቀመሉ ወተሃደራዊ ዒላማታት ንምውቃዕ ኢላ ዝገለጸቶ ዝዛየለ ወተሃደራዊ ወፍሪ ኣብ ሊባኖስ ኣብ እተካይደሉ ዘላ እዋን'ዩ፡፡

ሰራዊት እስራኤል፡ ኣብ ዝሓለፈ መዓልታት ናብ ወሽጢ ደቡባዊ ክፋል ሊባኖስ ብምድፋእ፡ ነቲ ን900 ዓመታት ዝጸንሐን ኣብ'ቲ ዞባ ፍሉጥ ዝኾነን ዕርዲ 'ቢያፎርት ካስትል' ከም እተቖጻጸሮ ዝገልጸ ዘሎ፡፡

ኢራን፡ ኩናት ሊባኖስ ደው ክብል፡ ኣብ'ቲ ብመንገዲ ፓኪስታን ምስ ኣመሪካ ክተካይዶ ዝጸንሐት ዘርርብ ከም ቅድመ ኩነት ድሕሪ ምቕራብ፡ ኣብ ዝሓለፈ መፋርቕ ሚያዝያ ምቍራጽ ተኹሲ ተኣዊጁ እኳ እንተ ነበረ፡ ኣብ መንጎ እስራኤልን ሕዝቦላህን ዘሎ ተጻብኦ ግን ቀጺሉ ኣሎ፡፡

በዚ ድማ፡ ኢራን ነቲ ኣብ ሊባኖስ ዝቶየድ ዘሎ መጥቃዕቲታት መልሰ ግብሪ ንምሃብ፡ ነቲ ብመንገዲ ፓኪስታን ኣቢሉ ዝካየድ ዝነበረ ዘርርብን ምልውዋጥ መልእኽትታትን ደው ተብሎ ምህላዋ፡ ኣገልግሎት ዜና 'ታስኒም' ጸብጺቡ፡፡

ኢራን፡ ኣብ ሊባኖስ ከምኡ'ውን ኣብ ወሽመጥ ቓዛ ብእስራኤል ዝካየድ ዘሎ ተጻብኦታት ብቕልጡፍ ደው ክብል ከም ዝጠለበት፡ እዚ ድማ ምስ ኣመሪካ ዝጀመረቶ ዘርርብ ንምቕጻል ከም ቅድመ ኩነት ከተቕርቦ ምጅናሓ ይፍለጥ፡፡

## ሩስያ፡ ኣብ ዝተፈላለያ ከተማታት ዩክሬን መጥቃዕቲ ፈጺማ

ፌደረሽን ሩስያ፡ ትማሊ ሰሉስ ኣብ ልዕሊ ዝተፈላለያ ከተማታት ዩክሬን ድሕሪ ዘካየደቶ መጥቃዕቲ፡ ብውሑዱ 18 ሰባት ከም ዝተቐትሉን ካልኦት ልዕሊ 100 ድማ ከም ዝቖሰሉን ተሓቢሩ፡፡

ዩክሬን፡ ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ኣብ ትሕቲ ቊጽጽር ሩስያ ኣብ ዝርከብ ዞባ ሉሃንስክ ብዘፈጸመቶ መጥቃዕቲ ሰብ ኣልቦ ነፈርቲ 21 ሰባት ምቕታሎም ስዒቡ፡ መንግስቲ ሩስያ ከም መልሰ-ግብሪ ናይ'ዚ "ስትራተጂያዊ" ዝበሎ መጥቃዕትታት ኣብ ልዕሊ ዩክሬን ከም ዝፍጽም ከጠንቅቕ ጸኒሑ እዩ፡፡

እዚ ማዕበላዊ መጥቃዕትታት'ዚ፡ ኣብ ርእሲ ከተማ ኪየቭ፡ ግና ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ዩክሬን ዝርከብ ክፋል ዞባታት ዛፖርዚይን ከርሰንን፡ ከምኡ'ውን ኣብ ዞባታት ደኒፕሮፔትሮቭስክ፡ ፖልታቫ፡ ክመልኒትስኪን ሱሚን ንዝርከብ ትካላት ኢንዱስትሪ ምክልኻል ዒላማ ዝገበረ ምንባሩ፡ ሚኒስትሪ ምክልኻል ሩስያ ትማሊ ሰሉስ ኣብ ዘውጸኦ መግለጺ ሓቢሩ፡፡

በቲ መጥቃዕትታት፡ ሓይልታት ዩክሬን ኣብ ልዕሊ ዝጥቀሙሉ ትሕተ ቅርጺ ኑዳድን መጕዓዝያን፡ ከምኡ'ውን ወተሃደራዊ መዓርፎ ነፈርቲ ከም ዝተወቕዐ ከኣ እቲ መግለጺ ወሲኹ ኣረዲኡ፡፡

እቲ መጥቃዕቲ፡ ሓደ ወርሒ ኣብ ዘይመልእ እዋን ኣብ ልዕሊ ኪየቭ ዝተፈጸመ ሳልሳይ ዝኸበደ መጥቃዕቲ ምዃኑ፡ ጸብጻባት የመልክቱ፡፡



ፕረዚደንት ዩክሬን ቮሎድሚር ዘለንስኪ፡ ሩስያ ኣብ'ቲ መጥቃዕቲ 73 ሚሳይላትን ልዕሊ 600 ሰብ ኣልቦ ነፈርትን ከም ዝተጠቐመት ብምግላጽ፡ ኣመሪካ ነቲ እናንዘየ ዝኸይድ ዘሎ ቀረብ ኣጽዋር ሃገሩ ንምምላእ ተወሳኺ መከላኸሊ ስርዓት ሚሳይላት ክትልእኽሉ ደጊሙ ጸውዒት ኣቕሪቡ ኣሎ፡፡

ቤት ጽሕፈት ክረምሊን ብሰሉስ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ድሕሪ እቲ ዩክሬን ኣብ ልዕሊ ሰላማውያን ሰባት ዝፈጸመቶ "ኢ-ሰብኣዊ" ዝበሎ ተግባራት፡ እቲ ኩናት ናብ ሓድሽ ምዕራፍ ተሰጊሩ ከም ዘሎ ኣሕጺሩ፡፡

## ሃገራት ምብራቕ ኣፍሪቃ፡ ህጹጽ ኣኼባ ኣካዪደን

ሚኒስተራት ጥዕና ሽሞንተ ኣባል ሃገራት ውድብ ምብራቕ ኣፍሪቃ (EAC)፡ ንለበዳ ኢቦላ ቫይረስ ብዝምልከት ትማሊ ሰሉይን ሰሉስን ህጹጽ ናይ ማጉዛ ኣኼባ ከም ዘካየዱ ተሓቢሩ፡፡



ብመሰረት መግለጺ ናይቲ ዞባዊ ውድብ፡ እቲ ኣኼባ፡ ነቲ ኣብ ገለ ክፋል ናይ'ቲ ዞባ ብፍላይ ድማ ኣብ ደሞክራሲያዊት ሪፓብሊክ ኮንጎ፡ ኡጋንዳን ደቡብ ሱዳንን ዝቐጸለ ዘሎ ለበዳ ንምምካት እዩ ተኻዪዱ፡፡

እቶም ሚኒስተራት ጥዕና ዝካየድዎ ዘተ፡ ምሕያል ሰገረ-ዶባዊ ምክትታል፡ ምምሕያሽ ስርዓታት ቅልጡፍ ምላሽ፡ ከምኡ'ውን ሽርክነት ዞባዊ ፕሮቶኮላት ጥዕና ንምፍጣር ዝዓለመ ምንባሩ ኣፍሊጦም ኣለው፡፡

ንኣቶም ወሲኾም፡ ሰብ መዚ ጥዕና፡ ኣብ መላእ ኣባል ሃገራት ናይ'ቲ ዞባዊ ውድብ ምትሕልላፍ ናይቲ ቫይረስ ንምግታእን ዝያዳ ከይዝርጋሕ ንምክልኻልን ኣብ ዝሰርሑሉ ዘለው እዋን፡ ህጹጽነት ናይ'ቲ ኣኼባ፡ ስሙር ዞባዊ ምላሽ ከም ዘድሊ ዘንጸባርቕ ምዃኑ ኣረዲኦም፡፡

ኢቦላ፡ ኣብ'ዚ ሕጂ እዋን ኣብ ሰለስተ ሃገራት ናይቲ ዞባ ከም ዘስፋሕፈሐ ክፀለጽ እንከሎ፡ ኬንያን ካልኦት ሃገራትን ድማ ኣብ ዝለዓለ ናይ ተጠንቀቕ ኩነታት ከም ዝርከባ እዩ ዝሕበር፡፡

ጸብጻባት ከም ዘመልክትዎ፡ ዛጊት ልዕሊ 130 ሰባት በቲ ቫይረስ ተለኺፎም ክሞቱ እንከለው፡ ካልኦት ልዕሊ ሓደ ሽሕ ሰባት ድማ ተለኺፎም ኣለው፡፡

## ካምቦድያ፡ ምስ ታይላንድ ዘለዋ ዶባዊ ምስሕሓብ ንምፍታሕ ትጽዕር

ካምቦድያ፡ ምስ ታይላንድ ንነዊሕ እዋን ዝጸንሐ ምስሕሓብ ብጉዳይ ዶባት ባሕሪ ንምፍታሕ ዝዓለመ መስርሕ ዕርቂ ምጅማራ፡ ንውድብ ሕቡራት ሃገራትን ታይላንድን ከም ዝሓበረት ትማሊ ሰሉስ ገሊጻ፡፡

ካምቦድያ ነዚ ስጉምቲ ዝወሰደት፡ ታይላንድ ነቲ ኣብ 2001 ምስኣ ዝበጽሓቶ ስምምዕ ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ብዩናዊ ናይ ምስራዝ ስጉምቲ ድሕሪ ምውሳዳ እዩ፡፡

ቀዳማይ ሚኒስትር ካምቦድያ ሁን ማኔት፡ "ልኡላውነትን መሰል ባሕርን ካምቦድያ፡ ብመሰረት ኣህጉራዊ ሕጊ ንምሕላው ኢና ንጽዕር ዘለና፡" ኢሉ፡፡

ይኹን'ምበር፡ ከም ኣካል ናይ'ቲ ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ዘካይዶ ዝነበረ ናይ ምረጻ ኸሰሳ፡ ነቲ ኣብ 2001 ምስ ካምቦድያ ዝተበጽሐ ውዕል ዝሰረዘ ቀዳማይ ሚኒስተር ታይላንድ ኣኑቲን ቻርንቪራኩል ብወገኑ፡ ካምቦድያ ነቲ መስርሕ ዕርቂ ከም ዘጠቅሶ ኣፍልጦ ከም ዘይብሉ ሓቢሩ ኣሎ፡፡

ካምቦድያ ወሲዳቶ ዘላ ስጉምቲ፡ ኣብ መንጎ'ተን ጎረባብቲ ሃገራት ንነዊሕ እዋን ዝጸንሐ ናይ ዶብ ምስሕሓብ ኣብ ምፍታሕ ንዘሎ ናይ ኣገባብ ፍልልይ ዘጕልሕ ምዃኑ፡ ምስ'ቲ ጉዳይ ቅርበት ዘለዎም ወገናት ይገልጹ ኣለው፡፡



## ደ/ኣፍሪቃ - 5 ዜጋታት ሞዛምቢክ ተቐቲሎም

ኣብ ደቡብ ኣፍሪቃ፡ ኣብ መወዳእታ ናይ ዝሓለፈ ሰሙን ብዝተፈጸመ ጽልኢ ወጻእተኛታት ዝጠጠዐ መጥቃዕቲ፡ ብውሑዱ ሓሙሽተ ዜጋታት ሞዛምቢክ ከም ዝተቐትሉ፡ መንግስቲ ሞዛምቢክ ኣፍሊጡ፡፡

እቲ ቅትለት፡ ዝሓለፈ ዓርቢ ኣብ ደቡባዊ ገማግም ባሕሪ ኣብ እትርከብ ከተማ ሞሰል ቤይ ብዘጋጠመ ግጭት ዝሰዓበ ኮይኑ፡ ኣብቲ ግጭት ኣስታት 800 ሞዛምቢካውያን ስደተኛታት ከም ዝተታሕዙ፡ ቤት ጽሕፈት መንግስቲ ናይ'ታ ሃገር ትማሊ ሰሉስ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ ኣመልኪቱ፡፡

እቲ ግጭት፡ 300 ሞዛምቢካውያን ናብ ሃገሮም ክምለሱ ምኽንያት ከም ዝኾነ'ውን እቲ መግለጺ ወሲኹ ሓቢሩ፡፡

እቶም ዝተረፉ 500 ሞዛምቢካውያን ድማ ኣብ ውሑስ ቦታ ተዓቚቦም ከም ዘለው ዝረድኣ'ቲ መግለጺ፡ ካብ ትማሊ ሰኑይ ጀሚሩ ናይ ምምላሶም መስርሕ ድሮ ተጀሚሩ ከም ዘሎ ኣብሪሁ፡፡



ኣብ ደቡብ ኣፍሪቃ፡ ካብ 2008 ጀሚሩ ኣብ ልዕሊ ወጻኣዊ ሰደ ዘይብሎም ስደተኛታት ተደጋጋሚ መጥቃዕቲታት ክፍጸም ምጽንሐ ይፍለጥ፡፡

ከም ሳዕቤኑ ሓያሎ ስደተኛታት ክሞቱ እንከለው፡ ካልኦት ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ድማ ከም እተመዛበሉ፡ ጸብጻባት የመልክቱ፡፡

ኣብ ደቡብ ኣፍሪቃ፡ ኣብ 2015ን 2021ን እውን ተመሳሳሊ ጠንቂ ዘለዎ'ሎ ግጭት ተፈጢሩ ምንባሩ ኣይርሳዕን፡፡


| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
| --- | --- | --- | --- |
| በት መሸጣ መድሃኒት ማይ ጃሕጃሕ | 3/6/26 | ጎደና 173-18 ቁ ፡፡21 ነበ. ጃሕጃሕ ጥቓ ህዝባዊ በት ንባብ | 127582 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ  ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services